ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.244 | ዓርቢ 12 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኣገዳስነት ወለንታዊ ልግሲ ደም


ገጽ 3


ትንተና ዜና

ገጽ 4
"ተመሃራይና ብኽብርታት ...


ገጽ 5
ኮማንዶ ሮራ ቤትገብሩ


ገጽ 7
ምልክታ

# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ካብ ናይ ግብጺ መገሻኡ ተመሊሱ




ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ካብ 7 ሰነ ኣብ ሪፓብሊክ ግብጺ ክካየዶ ዝቐነየ ወግዓዊ ምብጻሕ ዛዚሙ፡ ትማሊ 11 ሰነ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ተመሊሱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ግብጺ ኣብ ዝጸንሓሉ፡ ምስ ፕረዚደንት ዓብደልፈታሕ ኣልሲሲ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ታሪኻውን ሕውነታውን ዝምድና ኤርትራን ግብጽን ናብ ዝበረኸ ናይ ምትሕብባር መድረኽ ክብ ንኽብል፡ ኣብ መዳያት ቁጠባ፡ ፖለቲካን ዲፕሎማስን ጭቡጥ ስጉምቲታት ክውሰድ ብመሰረት ዝተገበረ ምርድዳእን ዝተበጽሐ ስምምዕን፡ ኣብ ሃብቲ ዓሳ፡ ከምኡውን ትሕተ-ቅርጺ ወደባትን መጐዓዝያን ዕቱብ ንጥፈታት ንኽካየድ ንዘምልኩዎም ኣካላት መምርሒ ስራሕ ሂቦም።

በዚ መሰረት፡ ኤርትራን ግብጺን፡ ኣብ ጽላታት ዕደና፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ መጐዓዝያ ባሕሪን ምትእስሳር ወደባትን፡ ምምዕባል ወደባት ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ዓሰብ፡ ባጽዕን ማርሳ ፋጥማን፡ መፍረ መድሃኒት፡ ህንጸት መንበሪ ኣባይቲ፡ ከምኡ'ውን ንክልተአን ሃገራት ብመሬት፡ ባሕሪን ባቡር ምድሪን ንምትእስሳር ብሓባር ክሰርሓ ተሰማሚዐን።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ኣልሲሲን ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓለምን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያውን ጸጥታውን ጉዳያትን ምዕባለታትን ብዕምቈት ዘትዮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ምስኡ ዝተጓዕዘ ጉጅለን፡ ካብ ከተማ ካይሮ ኣብ ዙርያ 150 ኪሎ-ሜተር ናብ ዝርከብ ኣፍረይትን ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላትን ዘካየድዎ ዑደት፡ ትካል መፍረ መድሃኒት 'ጂፕቶ ፋርማ'፡ ቁጠባዊ ዞባ መትረብ ሰዌጽ፡ ፋብሪካታት ሓጺንን ቸሚንቶን፡ ኮርፖረሽን መሰረታዊ ኢንዱስትሪ ግብጺ፡ ከምኡ'ውን ወደብ ዔን-ኣ'ሱኽናን ኣብ መስርሕ ህንጸት እትርከብ ሓዳስ ርእሰ-ከተማን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሩ ገይሹ ነይሩ።

# ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ኣህጉራዊ ዋዕላታት ተሳቲፋ




ኤርትራ፡ ኣብ ዝኸሪ መዓልቲ ኣፍሪቃን መበል 63 ዓመት ምምስራት ሕብረት ኣፍሪቃን፡ ከምኡ'ውን ቀዳማይ ኣህጉራዊ ዋዕላ ቁጠባ ሰይንት- ፒተርስበርግ ተሳቲፋ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ቐጠር ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም፡ ኣብ ኣደውሓ ኣብ ዝተኻየደ መዓልቲ ኣፍሪቃን መበል 63 ዓመት ምምስራት ሕብረት ኣፍሪቃን፡ ንኤርትራ ወኪሉ ተሳቲፉ።

እቲ ብ8 ሰነ ዝተኻየደ መደብ፡ ንታሪኻዊን ባህላዊን ውርሻ ህዝቢ ኤርትራ፡ ናይ ኣነባብራን ብዙሓዊ ጽባቐን ኣልባሳትን ብሄራት ኤርትራን ካልእ ንማሕበራዊ ክብርታት ዝገልጹ መሰናድኦታትን፡ ከምኡ'ውን መደባት ልምዓት ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለዩ ቱሪዝማዊ ዕድላት ዝገልጽ ሓጺር ዶክመንታሪ ፊልም ንተዓዘብቲ ቀሪቡ።



በጸሒቲ ኑቲ ዝቐረበ ምርኢት ብኣድናቖት ድሕሪ ምዕዛብ፡ ብዛዕባ ሓቀኛ ባህልን ታሪኽን ኤርትራ ዝያዳ ክፈልጡ ዘለዎም ድሌት ገሊጾም።

እዚ ከም'ዚ እንከሎ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ፌደረሽን ሩሲያ ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ፡ ካብ 3 ክሳብ 6 ሰነ ኣብ ከተማ ሞስኮ - ሩሲያ ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ኣህጉራዊ ዋዕላ ቁጠባ ሰይንት- ፒተርስበርግ ንኤርትራ ወኪሉ ተሳቲፉ።

ኣምባሳደር ጴጥሮስ፡ ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ምስ ብዙሓት ትካላትን ኩባንያታትን ርክባት ብምኽያድ ኣብ ሓድሕዳዊ ምትሕብባር ተዘራሪቡ።

እቲ ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ዝተኻየደን ካብ 144 ሃገራት ዝመጽኡ ኣስታት 24 ሽሕ ተሳተፍቲ ዘእንገደን ዋዕላ፡ ንግዳውን ቁጠባውን ኩባንያታትን ትካላትን ኣብ ሓደ መኣዲ ዘራኸበን፡ ኣብ 4 ዓንድታት ማለት ዓለማዊ ቁጠባ ምፍጣጥን ምትሕብባርን፡ ማሕበራዊ ሂወት ኣብ ዘመነ ቴክኖሎጂን፡ መጻእን ኣንፈታትን ቴክኖሎጂ፡ ኣከባብን ህዝባዊ ምሕደራን ምርኩስ ዝገበረ ዘተታት ተኻይዱ።

ብኻልእ ወገን፡ ማሕበረ ኮም ኤርትራ ኣብ ጅዳን ከባቢኣን፡ "ጥዑይ ክንክን ጥዑይ ሕብረተሰብ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብ6ን 7ን ሰነ ኣብ ዝተፈላለየ ሕክምናዊ ሞያታት ዝሰርሑ ኤርትራውያን ዝተሳተፉሉ ናይ ሕክምና መደብ ኣካይዱ።

ኣብ'ቲ ብጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጅዳን ከባቢኣን ኣቶ ዓብዱራሕማን ዑስማንን ኣቦ መንበር ማ/ኮም ኤርትራ ጅዳን ከባቢኣን ኣቶ ዓብዱልቓድር ማልክን ዝተወሃሃደን፡ ምስ ሆስፒታል ዓይኒ ኣል-ሲጋፍ፡ ማሕበር ክንክን ጥዕና ህጻናት (ፈለዛት)፡ ክሊኒክ ራማ ክንክን ቀርበት ከምኡ'ውን ክሊኒክ ሱንቡላ፡ ብምትሕብባር ዝተኻየደን መደብ፡ ንኣስታት ሓደ ሽሕ ኣብ ጅዳን ከባቢኣን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ናጻ ናይ መርመራታት ኣገልግሎት ተዋሂቡ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብ'ቲ መደብ ንዝተሳተፉ ናይ ምስጋና ምስክር ወረቐት ተዓዲሉ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ኣገዳስነት ወለንታዊ ልግሲ ደም

ደም ህይወት እዩ፡ ብዘይ ደም - ቀጻልነት ህይወት የለን። ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ህላወ ብቐዓቱ ዝተሓለወ ወሃሊብ ደም ወሳኒ እዩ፡ ብዘይ ደም - ዝተፈላለዩ ቀለልቲ ይኹኑ ከበድቲ ሕክምናዊ ስርሓት ብምክያድ ህይወት ዜጋታት ንምድሓን ዝከኣል ኣይኮነን።


ኣብዚ ዘመናዊ ፍልጠትን ምርምርን ደቂ ሰብ እናሓየለ ዝኸደሉ ዘሎ ዘመን ቴክኖሎጂ፡ ደም ክስርሕ ኩቶ ኣይተኻእለን ዘሎ። በዚ ድማ፡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ዘጋጥሙ ሕማማትን መጉዳእትን፡ ንሱ ዘስዕቦ ምፍሳስ ደምን ንምትካኡ ካብ ደቂ ሰብ ደም ምእካብ እቲ እንኮ ኣማራጺ ድሕነት ተወሲዱ ይርከብ። እዚ ክዕወት ዝኽእል፡ ብሕልናን ሰናይ ድሌትን ደም ዝልግሱ ወለንታውያን ለገስቲ ደም ምስ ዝህልዉ ጥራይ እዩ።

ደም ደቂ ሰብ ብዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ጾታን ዕድመን ዘይፍለ፣ ካብ ዝኾነ ወለንታዊ ለጋሲ ደም ንዝኾነ ደም ዝደለ ዜጋ ዝሰማማዕ ደም ብናጻ ይወሃብ። ኣብ ሃገርና ደም ኣይሸየጥን እዩ፡ ደም ማለት ህይወት ስለዝኾነ ዋጋ ህይወት ድማ ብገንዘብ ክትትምኖ ዝከኣል ኣይኮነን።

### ትሕዝቶ ደም

ደም፡ ፕላዝማ ብዝበሃል ካብ ማይ ቀሪቡ ብዝሓፍስ ፈሳሲን ብዋህዮታትን ዝቖመ እዩ። ፕላዝማ ኣስታት 55 ሚእታዊት ናይ ደም ዘቐውም ኮይኑ፡ ብሩህ ማያዊ ክፋል ናይ ደም'ዩ። ዝበዝሐ ክፋሉ (ማለት 92 ሚእታዊት) ትሕዝቶ ፕላዝማ - ማይ እዩ።

ዋህዮታት ደም ኣስታት 45 ሚእታዊት ናይ ደም ወሃደት የቑሙ - እዚኦም ኣብ ፕላዝማ ዘንሳፍፉ ቀያሕቲ ዋህዮታት፡ ጸዓዱ ዋህዮታት፡ ከምኡ'ውን ፕላትለት ይብሃሉ።



### ጉጅለታት ደም

ኣብ ሽፋን ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዝርከቡ ሰለስተ ዓይነት ኣገደስቲ ኣንቲጂን ኣለዉ። ንሳቶም ድማ “ኤ”፡ “ቢ”፡ “ኣርኤች (ዲ)” ኣንቲጂን ይብሃሉ።

ስብእትና ንናቱ ኣንቲጅን ከም ንብረት ክፈልጦም ከሎ፡ ዝዩናቱ ኣንቲጂን ግን ካብ ደገ ከም ዝመጸ ተጻባኢ ቆጺሩ፥ ኣንጻሩ ጸረ-ጋኛ ኣካል (ኣንቲባዲ) ዝብሃሉ መከላኸሊ ሰራሑ ይቃለሶምን ይጸንዮምን።

ብመሰረት'ዚም ኣብ ሽፋን ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዝርከቡ፡ ብዝርኢ ናይ ኣጦን ኣደን ዝወሰዱ ኣንቲጅን፡ ደም ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት ይኽፈል። ንሳቶም ድማ “ኤ”፡ “ቢ”፡ “ኤቢ”፡ “ኦ” ተባሂሎም ይጽውዑ።

- ዓይነት ደም “ኤ” ዘለዎ፡ ኣንቲጂን “ኤ” ኣለዎ።
- ዓይነት ደም “ቢ” ዘለዎ፡ ኣንቲጂን “ቢ” ኣለዎ።
- ዓይነት ደም “ኤቢ” ዘለዎ፡ ክልቲኦም ኣንቲጂን “ኤ”ን ኣንቲጂን “ቢ”ን ኣለውዎ።
- ዓይነት ደም “ኦ” ዘለዎ፡ ክልቲኦም ኣንቲጂን “ኤ”ን ኣንቲጂን ”ቢ”ን የብሉን።

ኣድላይነት ልግሲ ደም

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ደቒቕ፡ ኣብ ዓለም ገለ ሰብ ደም ወይ ውጽኢት ደም የድልዮ።

ካብ ዝተለገሰ ደም እቶም ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ክሳዕ 42 መዓልታት ጥራይ እዮም ክዕቀቡ ዝኽእሉ። እዚ ማለት፡ ደም ዘድልዮ ሰብ፡ ኣብቲ ዘድልዮ እዋን ክረኽብ፡ ኣብ ባንክ ደም ዝርከብ ደም፡ ብቐጻሊ ካብ ለገስቲ ብዝርከብ ሓድሽ ደም ክትካእ ኣለዎ።

ሕማም መንሽሮ ንምፍዋስ፡ ግዲያት ሓደጋታት ንምሕካም፡ ኣብ ቅድመ-ሕርሲ፡ እዋን ሕርስን፡ ድሕረ-ሕርስን ዝጋጥም መድመይቲ ንምትካእ፡ ዕዉት መብጣሕቲ ንምክያድ ናይ ግድን ደም የድሊ።

ረብሓታት ልግሲ ደም፥

ንተለጋሲ ብዓብኡ ህይወቱ ከም ዘድሓን ምግባር እዩ። ኣብዚ መሬት ካብ ህይወት ዝዓቢ ሃገር ድማ የለን።

ረብሓታት ልግሲ ደም ንለጋሲ፥ ምስ ረብሓታት ምሃብ፡ ምሕጋዝን ጽቡቕ ምግባርን ዝተኣሳሰር ስምዒታዊ ኩነት ኣእምሮ ዝተኣሳሰር እዩ። ደም ምልጋስ ክንጾ ጥዕናዊ ረብሕኡ፥ ኣብ ስነ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ዕጋበትን ዘህልዎ ረብሓ ብዙሕ እዩ።

- ሓጎስ ይወስኽ፥
- ጽቡቕ ይሰምዓካ፥
- ናይ ሂወት ዕግበት ይወስኽ፥
- ንናይ ምንባር ትርጉም የዛይድ፥
- ናይ ብቕዓት (ርእሱንያት) ስምዒት ይወስኽ፥
- ጸቕጢ ይንክይ ወዘተ።

ምሃብ ብሓፈሻ ደም ምልጋስ ድማ ብፍላይ፥ ዕላምኡ ህይወት ንምድሓን ክሳብ ዝኾነ፥ ንናይ ምንባር ትርጉም የዛይድ።

ጥዕናዊ ረብሓታት ልግሲ ደም

- ብውሕዱ ሓደ ግዜ ኣብ ዓመት ደም ዝልግሱ ሰባት፡ ሕማማት ልብን ስርዓት ዝረት ደምን ናይ ምሕማም ተኽእሎኦም ዝተሓተ ይገብሮ።
- ኣብ እዋን ምልጋስ ደም ብዝግበር ስሩዕ መርመራ ሕክምና፡ ክፍወስ ዝኽእል ሕማም ኣብ እዋኑ ክረኸብ ይኽእል።
- ምልጋስ ደም ንዋህዮታት ደም ንዝሰርሑ ኣካላት (ዋህዮታት ስተም)፥ ከቃቕሖምን ደም ናይ ምስራሕ ተግባሮም ወይ ኣድማዕነቶም ከመሓይሽን ይኽእል።

ሰባት ምሕጋዝ ብዓብኡ ድማ ደም ምልጋስ ኣብ መንጎ ሰባት ፍቕሪ ዝዝርግሕ ማሕበራዊ ወሃደት'ዩ። ካብ ደም ዝበልጽ ህያብ የለን። ሂወት ከም ዘድሓንካ ካብ ምፍላጥ ዝበልጽ ጽቡቕ ስምዒት የለን። ሓንሳብ ዝለገስካዮ ደምን ውጽኢቱን ክሳዕ ናይ ሰለስተ ሰባት ህይወት ከድሕን ይኽእል።

### መን ካብ መን ደም ይቕበል፧

ዓይነት ደም ዝተፈላለየ ዋላ ይኹን ኩሉ ሓደ ዓይነት ጥቕሚ እዩ ዘለዎ። ፍልልይ ዓይነት ደም፡ ኣየናይ ደም ምስ ኣየናይ ዓይነት ይሰማማዕ ንምፍላጥ እዩ ዝሕግዝ።




## መግለጺ ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኤርትራ (ሃማወለደኤ)

14 ሰነ ዓለማዊ መዓልቲ ለገስቲ ደም፡ ብደረጃ ሃገርናን ዓለምን ካብ 2004 ጀሚሩ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ቴማታት እትዝከር ክብርቲ ዕለት ኢያ። ለሚ ዓመት እዛ ዕለት “ንጥዙብ ሰብኣውነት፡ ኣብ ልግሲ ደም ህይወት ተድሕን” ብዝብል ቴማ ትዝከር ኣላ።

ሳይንሳዊ ተመራማሪ ካርል ላንድተይነር፡ ኣብ ስነፍልጠት ዓውዲ ደም ብዘካየዶ ምርምር፡ ንኣርባዕተ ጉጅለታት ደም ከለልዮም ብምኽኣሉ፣ ኣብ መስርሕ ምስግጋር ደምን ውጽኢት ደምን ብዝርሓዎ ሰፊሕ ባብ፡ ዓመታዊ ምስ ዕለተ ልደቱ ብምትእስሳር፡ 14 ሰነ ዓለማዊ መዓልቲ ለገስቲ ደም ኮይና ትዝከር ኣላ።

ዕላማ ምብዓል ናይዛ ዕለት፡ ወለንታውያን ለገስቲ ደም፡ ብዘበርክትዎ ህይወት ናይ ምድሓን ሰብኣዊ ንቕሓቶም ዝምስገኑ፥ ቅዱስ ስራሕ ልግሲ ደም ንምቕጻሉ መብጽዓኦም ዝሕደሱ፥ ንኣብ ልግሲ ደም ዘይተጸንበሩ ዜጋታት ድማ ዕድመ ወለንታዊ ልግሲ ደም ንምቕራብ እዩ።

ናይ ለሚ ዓመት 14 ሰነ፡ ኣብ ሃገርና ሳላ ንጹር ፖሊሲ መንግስቲ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ተወፋዩም ዝሰርሑ ወለንታውያን ኣባላት ማሕበር፡ ሰራሕተኛታት ኣገልግሎት ባንክ ደም ኤርትራ፥ ንቑሕ፡ ወፋይን ልዑል ናይ ምትሕግጋዝ ባህሊ ዘለዎ ህዝብ፡ ኣብቲ ርሑቕ ከበባታት ከይተረፈ ልዕሊ ትጽቢት ብዘኾነ ደም ምልጋስን ናይ ምልጋስ ድልውነትን ተጠርዩሉ ኣብ ዘሎ ብምዝካሩ ዕዙዝ ይገብሮ።

ከም ውጽኢቱ እዚ ተጠርዩ ዘሎ ንቕሓትን ወህድ ዕዮን ሃገራዊ ኣገልግልግሎት ባንክ ደም ኤርትራ ዓመታዊ ካብ 12 ክሳብ 15 ሽሕ ከረጺት ደም ናይ ምእካብ ሽቶኡ ተወቒዑ፡ ልዕሊ 15 ሽሕ ይእከብ ከም ዘሎ ካብ ባንክ ደምን ማሕበርን ዝተረኸበ ጸብጻብ የጸርዩ። ቀጻልነት ናይዚ ዝእከብ ዘሎ ብዝሒ ዘተኣማምን ዝገብሮ ድማ፥ ካብ ወለንታውያን ለገስቲ ደም ይርከብ ብምህላዉ እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ልግሲ ደም እናዓበየ ይመጽእ ብምህላዉ፣ ዋሕዝን ውዓበን ወለንታውያን ኣብ ልግሲ ደም እናወሰኸ ብምኻዱን ንቕጻልነቱ ትሰርሖው ገይሩዎ ይርከብ።

እንተኾነ፡ ልግሲ ደም ምስ ምስፋሕ ኣገልግሎት ጥዕና ማለት ብዝርገሐን ዓይነትን እናወሰኸ ስለዝኸይድ ጠለብት ትካላት ጥዕና ሃገርና እናዓበየ ምስለዝኸይድ ኩለንተናዊ ምድላዋት ከምዝሓትት ምግንዛብ የድሊ። ብተወሳኺ ወለንታዊ ልግሲ ይኹን ውዓበ ኣብ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ቀጻሊ ጻዕርን ክትትልን ዘድልዮ ምኻኑ ዘይምዘንጋዕ።

ዝኾነ ልዒሉም ዝተገልጹ ሓቅታት ብምግንዛብ መስርሕ ወለንታዊ ልግስን ውዓበኡን ብቐጻሊ እናዓበ፡ እናሓየለ፡ ከምኡ'ውን ልዑል ምውዛዕ መሳርሒቲ ከምዝደሊ ርዱእ እዩ።

ኣዛ ዕለት ምርኩስ ብምግባር፡ ብወገን መንግስቲ ኣብ ምውሓስ ደምን ውጽኢት ደምን ዘሎ ወፍርን ስራሓትን ብፍሉይ ዝምስገን'ዩ። ደም ዋላ'ኳ ካብ ወለንታውያን ብናጻ ንሕሙማት ዝወሃብ እንተኾነ፡ ዝተለገሰት ሓንቲ ኣሃዱ ደም፡ ካብ ወለንታዊ ለጋሲ ክሳብ ተጠቃሚ እ ንኽበጽሕ ዘዋፈሮ ወጻኢታት፡ እቲ ጾር መንግስቲ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ ርዱእ ይገብሮ። ስለዚ ወለንታውያን ግዜና ሓሊና ኣብ ማእከላይ ቦታ መለገሲ እናኸድና ህይወት ዜጋታትን ወጻኢታት መንግስትን ክድሕን ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም የዘኻኽር።

ናይዚ ዓመት ቴማ “ንጥዙብ ሰብኣውነት፡ ኣብ ልግሲ ደም፡ ህይወት ተድሕን” ትብል እያ። ህዝቢ ኤርትራ ንጥዙብ ሕልና ዘይትኣሰ ምሉእ ሕልና ዘውንንን ንኣድሕዶ ተኸቢሩ ዝንበርን ብምዃኑ፥ ልግሲ ደም ብኸሉ ንኸሉ ኣብ ከሉ፥ ንምውሓስ ሰብኣውነቱ ዘመስከረ እዩ።

ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኤርትራ፥ ኣዚ ሃገራዊ ድሕነት ዘውሕስ ቅዱስ ዕላማ ንምዕዋት፡ ንጡፋት ኣባላት ማሕበር ብምኻኖም ለሚ ደም ብምልጋስ ህይወት ነድሕን።

ኑቶም ደም ብምልጋስን መስርሕ ልግሲ ኣብ ምጥጣሕን ዘለዉ መድሕን ህይወት ዝኾኑ ወለንታውያን ኣባላት ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደምን ሰራሕተኛታት ጥዕናን በዚ ኣጋጣሚ ዘለዎ ልባዊ ምስጋንኡ የቕርብ።

‘ንጥዙብ ሰብኣውነት፡ ኣብ ልግሲ ደም ህይወት የድሕን’

‘ብዝትካእ ደም ዘይትትካእ ህይወት ነድሕን’

ዓወት ንሓፋሽ!

ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኤርትራ (ሃማወለደኤ)

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም · ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ · ሰለሚ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና


ሚርያም ኣብርሃም

## መዓቱ ዘይተወድኣሉ ማእከላይ ምብራቕ



ኣመሪካን ኢራንን ብመንጎኛነት ፓኪስታንን ካልኦት ሃገራትን ኖናተን ጠለባት ኣብ ጣውላ ኣቕሪበን፡ ንዘላቒ ሰላም ስምምዕ ክኽትማ ተቓሪበን ኣለዋ ኣብ ዝበሃለሉ ዘሎ እዋን፡ ብሚሳይላትን ደብዳባት ነፈርትን ንሓድሕደን ክጠቓቕዓ ንዕዘበን ኣለና። በዚ ከኣ እቲ ብተዛማዲ ሃዲኡ ዝጸንሐ ኩናት ዳግማይ ከይውላዕ ንዓለምና ሻቕሎት ፈጢሩላ ኣሎ። ሰራዊት ኣመሪካ ናብ ትማሊ ለይቲ ኣብ ዘውግሐ ለይቲ፡ ኣብ ልዕሊ ዒላማታት ኢራን ጽዑቕ ደብዳብ ኣካዪዱ። ኣመሪካ፡ እቲ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ሕነ ናይታ ኣብ ከባቢ መጻብቦ ሆርሙዝ ወዲቓ ዝተሓምሸሸት ወተሃደራዊት ሄሊኮፕተራ ንምፍዳይ ተባሂሉ ዝተወሰደ ስጉምቲ ከም ዝኾነ እያ ትገልጽ። ኢራን ከኣ፡ ነቲ ኣመሪካ ዝወሰደቶ ስጉምቲ፡ "ቶኽታኸ ተግባር" ክትብል ኮኒናቶ። ከም መልሰ-ግብሪ ናቱ ድማ፡ ኣብ ባሕሬን፡ ክወይትን የርዳኖስን ኣብ ዝርከብ 18 ወተሃደራዊ ዒላማታት ኣመሪካ መጥቃዕቲ ኣካዪዳ ኣላ። ኢራን፡ ቡቲ ኣብ ልዕሊ ኣብ የርዳኖስ ዝርከብ መደበር ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ዝኻየደቶ ናይ ሚሳይል መጥቃዕትታት፡ ሓያሎ ኤፍ-15፡ ኤፍ-16 ከምኡ ድማ ኤፍ-35 ዝዓይነተን ነፈርቲ ውግእ ከም ዝዓነዋ፡ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ይገልጽ ኣሎ። ኢራን ብተወሳኺ፡ ንመጻብቦ ሆርሙዝ'ውን ምሉእ ብምሉእ ክትዓጽዎ ምኳና ትማሊ ሓሙስ ኣፍሊጣ። በዚ መሰረት፡ ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ብመጻብቦ ሆርሙዝ ክትሓልፍ ዝፈተነት ዝኾነት መርከብ ክወቕዓ ምኳኑ ኣጠንቂቑ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ኢራን ብመንገዲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢኣ ኣቢላ ኣብ ዘመሓላለፈቶ መልእኽቲ፡ ኣብ ከባቢኣ ዝርከብ ሰራዊት ኣመሪካ ብህጹጽ ክእለ፡ እንተዘይኮይኑ ግን ከቢድ ስጉምቲ ክትወስድ ምኳና ኣጠንቂቓ። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ እዩ እምበኣር፡ ዓበይቲ ፖለቲከኛታት ዓለምና፡ ኩነታት ማእከላይ ምብራቕ ናብ ዝኸፍአ ኣንፈት ከምርሕ ይኽእል እዩ ኢሎም ዝግምቱ ዘለው።

እዛ መበገሲ ናይቲ ብኣመሪካ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ኮይና ዘላ 'ኣፓቺ' ዝዓይነታ ሄሊኮፕተር፡ ዝሓለፈ ሰኑይ እያ ኣብ ከባቢታት መጻብቦ ሆርሙዝ ወዲቓ ተሓምሺሻ። እዛ ኣብ ገምገም ያማን ንሓለዋ ተዋፊራ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ወዲቓ ዝተሓምሸሸት፡ ኣይ-ኤች-64 ዝብል መጸውዒ ስም ዘለዋ ሄሊኮፕተር፡ክልተ ኣብረርታ ብዘይ ዝኾነ መጉዳእቲ ከም ዝደሓኑ እዩ ዝግለጽ። ይኹን'ምበር፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ልዕሊ ኣብረርታ ዝወረደ ጉድኣት ኣይሃሉ፡ ሕነ ናይታ ዝተወቕዐት ሄሊኮፕተር ክፈዲ ናይ ግድን ምኳኑ ግን ከጠንቀቕ'ዩ ቀንዩ። ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ዓለም ከም ዝገልጽኦ ዘለዋ፡ ኣመሪካ ኣስታት 49 'ቶምሃውክ' ሚሳይላት ናብ ዝተፈለላየ ከቢታት ኢራን ወንጪፋ ኣላ። እቲ ንስርዓት መከላኸሊ ኣየር ኢራን፡ መ ራ ኽ ቢ ታ ት ን ካልኦት ኣገድስቲ ትሕተ ቅርጺታትን ዕላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ፡ ሸቶኡ ብዓወት ከም ዝወቕዐ፡ ኢራን ኣብ ስምምዕ እንተ ዘይበጺሓ ሕጂ'ውን ኑቲ መጥቃዕቲ ከም እትቕጽሎን ድማ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣጠንቂቑ ኣሎ።




እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብተደጋጋሚ ክግለጽ ከም ዝጸንሐ፡ ኢራንን ኣመሪካን ዳግማይ ናብ ኩናት ምምላሰን ዘይተርፍ መሲሉ ይርአ ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ክልቲአን ሃገራት ኣቕሪበንኦ ዘለዋ ጠለባት ክማላእ ይኽእል እዩ ኢልካ ዘይሕሱብ እዩ። ኣመሪካ፡ ኑቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ጸዲቑ ዘሎ እገዳ ክለዓል ብቐሊሉ ከተፍቅድ ትኽእል'ያ ምባል ከቢድ እዩ። ከምኡ'ውን፡ ካሕሳ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዘውረደቶን ገና ተወርዶ ዘላን ዕንወት ናይ ትሕተ ቅርጺታት ክትከፍል ፍቓደኛ ኣይኮነትን ዘላ - ብመሰረት ዝተፈላለዩ ጸብጻባት። ኢራን ብወገና፡ ዓቕሩ ራቶ ዘላ ንመስርሒ ኒኩለሳዊ ኣጽዋር ከገልግል ዝኽእል ዝሃብተመ ዩራንዩም ንኣመሪካ ኣሕሊፋ ክተረክባ ሕልሚ እዩ ዝመስል - ብመሰረት እቶም ጸብጻባት። በዚ'ዩ ከኣ፡ እዘን ክልተ ሃገራት ፈጺሙ ዘየረዳድእ ነጥብታት ሒዘን ኣብ ስምምዕ ክበጽሓ ይኽእላ እየን ምባል ኣጸጋሚ ዝኸውን። ብኻልእ ወገን፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ክልተአን ሃገራት ኣብ ስምምዕ ሰላም ክበጽሓ ተቓሪበን ኣለዋ እናተባህለ ኣብ ዝዝረበሉ ዘሎ ግዜ፡ ኑቲ ኣቐዲሙ ዝቐረበ ንእማመ ናይቲ መዛረቢ ነጥብታት ክቕይሮ ተራእዩ እዩ። እዚ ብምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ ተዳልዩ ዘሎ ሓድሽ እማመ፡ ኑቲ ኣብ መወዳእታኡ ክበጽሕ ተቓሪቡ ዝነበረ ስምምዕ ሰላም እውን ዝዕንቅፍን ናብ ካልእ ኣንፈት ዘትሕዝን እዩ እናተባህለ'ውን ክግለጽጸኒሑ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ሓያል መጥቃዕቲ ኣብ እተካይደሉ ዘላ እዋን፡ ኢራን ተሪር መጠንቀቕታታት ክተመሓላልፍ እያ ትርአ ዘላ። እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ንምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ዒላማ ገይራ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕትታት ብህጹጽን ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነትን ደው እንተ ዘይኣቢላቶ፡ ኢራን ምስ ኣመሪካ እተካይዶ ዝኾነ ይኹን ዝርርብ ሰላም ከም ዘይህሉ ኣፍሊጣ'ላ። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ መንግስቲ ኢራን፡ ሃገሩ ናብ ኩናት ክትምለስ ዘገድዳ ክልተ ቀንዲ ምኽንያታት ከም ዘለው እዩ ዝገልጽ። ሓደ ካብኡ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ይኹን ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ዝኾነ መጥቃዕቲ ምስ እተካይድ እዩ። ከምዚ ኣብ ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ዓለም ክንዕዘቦ ዝቐኖና፡ እስራኤል፡ ነበርቲ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ፡ ብፍላይ ከኣ ነበርቲ ከተማ ታይራ ብህጹጽ መረበቶም ሓዲጎም ክግዕዙ ከም ዘለዎም እያ ተሪር መጠንቀቕታ ኣመሓላሊፋ ዘላ። መንግስቲ እስራኤል፡ ሰራዊቱ ኣብ ከባቢታት ከተማ ታይራ ኣንጻር ሕዝቦላህ ሓያል መጥቃዕቲ ከም ዝካይድ ብምግላጽ እዩ ኑቶም ነበርቲ ካብ መረበቶም ክግዕዙ ዘገድዶም ዘሎ። በዚ ከኣ፡ ዛጊት ኣስታት 820 ሽሕ ሊባኖሳውያን ጠቕሊሎም ናብ ሰሜን ገጾም ከም ዝገዓዙ ተፈሊጡ ኣሎ።

ተሪር መጠንቀቕታ ኢራን፡ ንሓደ ኣገዳሲ ነገር ከመልክተልና ይኽእል እዩ። ኢራን፡ ንኣስታት 101 መዓልታት፡ ካብ ኣመሪካን እስራኤልን ሓያል መጥቃዕቲ ወሪዱዋ እዩ። ብዙሓት ትሕተ-ቅርጽታታ ዓንዮም፣ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራ'ውን ኣጋጢምዋ እዩ። ይኹን'ምበር፡ እታ ሃገር ዛጊት ምስ ምሉእ ሞራላን ዘይተጸዓድነታን ከም ዘላ ኢና ክንርዳእ ንኽእል። መንግስቲ ኢራን፡ እስራኤል ንሃገሩ ዳግማይ ከይተጥቅዕ ጥራሕ ኣይኮነን ዘጠንቀቐ ዘሎ። ዋላ'ውን ኣብ ልዕሊ'ቲ ቀንዲ መሻርኽቲ ሃገሩ ዝኾነ ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ እውን መጥቃዕቲ እንተ ቀጺሉ፡ ቀይሕ መስመር ከም ምሕላፍ ቆጺሩ ዓጸፋታዊ ወተሃደራዊ ምላሽ ክህበሉ ምኳኑ'ዩ ዘፈራርህ ዘሎ። በዚ ከኣ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ መጥቃዕቲታት እንተ ቀጺላ'ውን፡ እቲ ኩናት ዳግማይ ክባራዕ ከም ዝኽእል እያ ኢራን ኣሚታ ዘላ። ዝሓለፈ ሰኑይ፡ ኢራን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ሚሳይላትን ድሮናትን ከኣ፡ ኑቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሕዝቦላህ ዘካየደቶ መጥቃዕቲ ግብረ-መልሲ ንምሃብ ዝዓለመ ምንባሩ ትገልጽ። ኢራን፡ እስራኤል ንሊባኖስ ምድብዳብ እንተ ዘይኣቋረጸ፡ ከምኡ'ውን ንሕዝቦላሕ ንምድምሳስ ዘለዋ መደብ ደው እንተ ዘይኣቢላቶ፡ ምስ ኣመሪካ ስምምዕ ሰላም ክትክትም ፈጺሙ ዘይሕሱብ ክኸውን ምኳኑ ኣፍሊጣ'ላ። እስራኤል ብወገና፡ ኢራን ምሉእ ብምሉእ ከይተሳዕረት፡ ምስኣ ኣብ ዝኾነ ስምምዕ ክትበጽሕ ድሌት የብላን። በዚ ምኽንያት'ውን እያ ኢራን ተሪር መጠንቀቕታ እናመሓላለፈትላ እንከላ፡ ኣስራኤል ግን ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ መጥቃዕቲ ምኪያድ ገና ትቕጽሎ ዘላ።

\- - - - - - -

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12፡00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12፡02 | ዕላል ተመክሮ |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | ማህደር |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | ሄል ደባይዋ |
| 15፡30 | ዶክመንት |
| 16፡15 | መደብ ሞዛይክ |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡15 | ምርኢት ከስከሰ |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡45 | መደብ ሞዛይክ |
| 19፡30 | እትመት |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡15 | ሪፖርታጅ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ግብጺ |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ፊልም ሳውን |
| 22፡00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22፡10 | ድራማ |
| 22፡30 | ዜና(እንግሊዝ) |
| 22፡40 | እንዳ ዝማም |

# ቃለ- መሕተት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ተመሃራይና ብኽብርታት ታሪኹን ስነ-ምግባሩን'ዩ ተኹስኩሱ ክዓቢ ዘለዎ” ሚ/ር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ

ስእሊ.- ኣብርሃም በየነ

ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ኣብ ዝሓለፈ ተኸታተልቲ ክፋል ቃለ-መሕተትና፡ ብዛዕባ ገስጋስን ህሉው ኩነታት ትምህርቲ ሃገርና ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታትን ኣመልኪትና ምስ ሚ/ር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ኣዕሊልና ከም ዝጸበርና ይፍለጥ። ንሎሚ ድማ 4ይ ክፋል ይስዕብ፥ ሰናይ ንባብ፥

**- ብዛዕባ ብቕዓት መምህራንና፧**

ብቕዓት ናይ መምህራን ክንብል እንከለና እንታይ እዩ፥ ሓደ መምህር ክምድብ እንከሎ ድሌት ናይ ምምህርና፡ ብምምህርና ብምዕባይ ናይ ስራሕ መንፈሰን ወኒን ክህልዎ ኣለዎ። ኣብ ርእሲ እዚ በቲ ዝምህሮ ዓይነት ትምህርቲ ፍልጠት ክዓጥቕ ኣለዎ። ናይ ቀጽሪ መምህር እንተደኣ ኰይኑ፡ ብቐጽሪ ክበስል ኣለዎ። ናይ እንግሊዝኛ እንተኾይኑ ከኣ ናይ ብሓቂ ብኡ ዝበሰለን ዝዓበየን ክኸውን ኣለዎ። በቲ ሓደ ወገን ማዕረ ማዕረኡ ድማ፡ ብስነ-ምምህርና እናዓበየ ክኸይድ ኣለዎ። ነዚኦም ክልቲኦም ኣዛሚድና ብቑዓት መምህራን ኣብ ምፍራይ ስራሕ የድልየና ከም ዘሎ እዩ ዝግምገም ማለት እዩ።

**- ኣብ'ዚ ዝተላዕለ ብዛዕባ ሕቶ ብቕዓት፥ ብቕዓት ትምህርቲ ብጾታ ክንርእዮ እንከለና ከመይ'ዩ ዝመስል፧**

ሓደ እቲ ትምህርቲ ንኹሉ ንብሎ ዘለና፡ ብዓይኒ ጾታ፡ ብሄር፡ ናይ ስንክልና ጸገም ዘለዎም . . . ንኹሉ እዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ንኹሉ ዘጠቓልል ትምህርቲ ክወሃብ ኣለዎ። ንሱ እዩ እቲ ዝዓበየ ዕላማ። ነዚ ኢና ድማ ጸቒጥና ንሰርሓሉ። ኣብ ሕቶ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን እንተደኣ ርኢና፡ ብሃገር ደረጃ ክንዛረብ እንከለና፡ እቲ ኣብ መንጎ እዚ ክልተ ጾታ ዝነበረ ዓቢ ጋግ ሎሚ ኣዝዩ እዩ ጸቢቡ። ብፍላይ ኣብ ገለኡ ዞባታት እተን ደቂ ኣንስትዮ ብብቕዓትን ቁጽርን እንተደኣ ርኢኻየን ብቕተን ኣርእየን እየን። እዚ ከኣ ብሚ/ሪ ትምህርቲ ሓያል ጻዕሪ ተገይሩሉ እዩ። ብዘምልከቶም ኣካላት መንግስቲ - ብህግደፍ፥ ሃማመተኤ፥ ሃማደኤ ብኹሉ ጐስጓስ ተገይሩሉ እዩ። ናይ ብሓቂ ከኣ ካብቲ ዝተዓወትናሉ መደባትና እዩ። ብሃገር ደረጃ ክንከይድ እንከለና ግን፡ ኣብ ገሊኦን ዞባታት ሕቶ ተሳተፍነትን ብቕዓትን ኣብ ትምህርቲ ገና እዩ ዘሎ። ብደረጃ ብሄር ክንርእዮ እንተኾይንና'ውን ኣብ ከም ብዓል ብዳዊት ዝኣመሰለ እንተደኣ ርኢና ደቂ ኣንስትዮ ጠቕላላ ይመሃራ ኣይነበራን። ሕጂ ቁሩብ ዕበየት ኣርእየን ኣለዋ። ምስ ካልኦት ብሄራትና ክንርእየን ከነወዳድሮን እንከለና ግና፡ ናይ ብሓቂ ስራሕ ዝደሊ ጉዳይ እዩ። ኣብ ብዓል ዓፋርን ናራን እንተደኣ ከይድና'ውን ብመጠኑ ገና ስራሕ ዘድልዮ ጉዳያት ኣሎ። እቲ ሃገራዊ ስታትስቲክስ ሓደ ሓደ ግዜ የደናግረና እዩ። ማለት'ሲ ጽቡቕ እዩ ዝመስል። ብደቂቕ ኣቲኻ ናብ ዞባ/ ን/ዞባ፥ ዓዲ፥ ብሄር፥ ቋንቋ ክትርእዮን ክትግምግሞን እንከለኻ ግን፥ ገና ምትብባዕ ዘድልዮ ሕብረተሰብ ኣለና። ምናልባት ኣብቲ ሚ/ሪ ንጥቀመሉ ኣገባብ ኣሎ። ምስ እዞም መሻርኽትና ብምትሕብባር፡ ከምቲ ዝበልኩዎ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዘለዉ ብሄራትና፡ እተን ደቂ ኣንስትዮ ማእከላይ ደረጃ በጺሐን መታን ከየቋርጻ ኣብ 6ይ፥7ይ፥ 8ይ ኣብ ትምህርተን ክሕግዘን ዝኽእል ነገራት መተባብዒ ናይ ገንዘብ እንንብሮ ምትእትታዋት ኣሎ። እወታዊ ለውጢ'ውን ኣለዎ። እንተኾነ ካብዚ ዘለዎ ንኽዓቢ ግን ብዝለዓለ ክንሰርሓሉ ኢና።

**- ቀጻሊ ክብርቲ ሚ/ር**

ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ ኣብ መባእታ ክንመጽእ እንከለና እቲ ዕድላት ናይ ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ኣሎ። ኣብ መዋእለ ህጻናት በዚ ዓሚ መንግስቲ ዝወሰዶ ተበግሶ ወይ ወፍሪ ዳርጋ ኩለን ተበጺሐን ኣለዋ። ክንሰርሓሉ ዘለና ጉዳያት ግን ኣሎ። ጸገም ኣሎዶ እንተደኣ ኢልኩምኒ ግን ብርግጽ ኣሎ።

**- ከተብርህልናዶ ሚ/ር፧**

ከም ኣብኡት ኣብ'ቲ ናይ 8ይ ክፍሊ ናይ ሃገራዊ መርመራ ክንርኢ እንከለና፡ ኣብ ገለ ብሄራት መባእታ ክመሃሩ ጸኒሖም ኣብ ማእከላይ ደረጃ ኣይበጽሑን። ወይ ድማ ብቕዓት ናይ'ቲ ትምህርቲ ዘለዎም ኣይኮኑን። እዚ ከኣ ብቕዓት ናይቲ ትምህርትን ናይ መምህራንን ከኣ ብቐንዱ ኣብዘን ናይ ቋንቋ ኣደ ዝምህራ ኣብያተ ትምህርትና ጸገም እዩ። ዓቢ ስራሕ'ውን ዘሓትት እዩ። ዋላ ናይ ማትሪክ ውጽኢት ናይ ሳዋ ገምጋማትና ክንርኢ እንከለና እውን፥ እቲ ዝበዝሐ ናብ ሳዋ ዝወርድ መን እዩ፧ ናይ ብሓቂ በቲ ናይ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ዘሎ ዝርግሐ ከየቋረጸ ተማሂሩ ዝወርድ ዘሎ ድዩ፧ ናይ 12 ክፍሊ ምውዳእ ዘለዎ ደዩ እንተደኣ ኢልና ግን ናይ ብሓቂ ሓደ ካብቲ ክንሰርሓሉን ክንደፍኣሉን ዘለና ዓበይቲ መደባትና እዩ ማለት እዩ።

**- ማእከል ምድላው መምህራን ኣስመራ ብዙሓት መምህራን የፍሪ ከም ዝነበረ ይፍለጥ እዩ'ሞ፥ ኣበርክቶኡ ኣብ ምፍራይ ብቑዓት መምህራን ከመይ ይግምገም፧**

ኣብዚ ምድላው መምህራን ኣስመራ እዚ ቲ.ቲ.ኣይ እንብሎ፥ ንዓሰርተ 15 ዓመታት ዝኸውን ሰሪሓሉ እዩ። ብሰርቲፍኬት ዝሰልጠኑ መምህራን ኢና ነውጽእ ነይርና። ኣብቲ ግዜ'ቲ፥ 'እዚ ብቕዓት የብሉን ዲፕሎማ ክኸውን ኣለዎ' ዝብል እዩ ነይሩ። ሎሚ ኣብዚ እንንብሮ ዘለና መጽናዕቲታትን ገምጋማትን ግን፥ ኣብ ሚ/ሪ ትምህርቲ እቶም ዝሓሹ መምህራን ኩይኖም ዝሰርሑ ዘለዉ ንሶም እዮም። ምኽንያቱ ሓደ፥ ዋንነት ኣለዎም። ከምዚ ኣነ ንሚ/ሪ ትምህርቲ ከምዚ ገዛይ ዝሓስቦ፥ ከምኡ ዋናታት እዮም። ክዓብዩን ክመሃሩን እዮም ዘደልዩ እምበር ክእለዩ ኣይደልዩን እዮም። በቲ ሓደ ወገን ከኣ ኑቲ ናይ ቋንቋ ኣደ እንብሎ ኣብ መባእታ ዝነበረ ጸገማትና ይፈትሕዎ እዮም። ስለዚ፥ ኣብዚ ናይ ቋንቋ ኣደ ትምህርቲ፥ መምህራን ኣብ ምፍራይ፥ ቀጻልነቱ ዘይምውሓስና፥ ኣብቲ ስርዓት ትምህርቲ ብፍላይ ኣብቲ ናይ ቋንቋ ኣደ መምህራን ብዙሕ ጸገም ፈጢሩ እዩ። እዚ ከኣ ሓደ ካብቲ እንሰርሓሉ ዘለና ሕቶ እዩ። ምናልባት እታ ቲ.ቲ. ኣይ ክትምለስ ዘይክትምለስ ብዙሕ መዛረቢ ኣይኮነን። ግን፥ መምህራን ዘፍሪ ትካል ክህሉ ከም ዘለዎ፥ ክህሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብቲ ናይ ቀደሙ ንላዕሊ ክሰርሕ ከም ዘለዎ፥ ሓደ ካብቲ ምስ መንግስቲ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ ዘሎ እዩ። መንግስቲ'ውን ባዕሉ ሓሲቡሉ፥ እዚ 'ኮለጅ ኦፍ ኢዱከሽን' ኣብ ዓዲ ቀይሕ ዘሎ፥ ብኹሉ ደረጃኡ ንሚ/ሪ ትምህርቲ ዘገልግል፥ ኩሎም ጽላታቱ ብቑዓት መምህራን ዘፍሪ ብፍላይ ኣብ ቋንቋ ኣደ ክኸውን ከኣ ሓደ ካብቲ ብዕቱብ እንሰርሓሉ ዘለና እዩ።

**- ሕራይ ዶ/ር ሓሊማ፥ መሻርኽቲ ሚ/ሪ ትምህርቲ ዝበሃሉ ብዓል መን እዮም፧ ብሓፈሻ ምስ መሻርኽቲ ዘኪይዶም ንጥፈታት ትምህርቲ ከመይ እዩ፧**

ትምህርቲ ከምዚ ኩልና እንርደኦ፥ ንሓደ ጽላት ገዲፍካ ክዕወት ኣይክእልን እዩ። ስለ'ዚ ሚ/ሪ ትምህርቲ ኣብ ትምህርቲ መሪሕ እዩ። እዚ ክንብል እንከለኹ፥ ካሪክለም የዳሉ፥ መምህራን ይቖርብን የማእዝንን ማለት እዩ። ብዛዕባ መሻርኽቲ ክንዛረብ እንከለና ግን፥ ብዓቢኡ መሻርኽቲ ሚ/ሪ ትምህርቲ ህዝቢ እዩ። ከምኡ ክንብል እንከለና ኣብ'ቲ ሕብረ-ተሰብ ጸቒጥና እንሰርሓሉ፥ ፒቲ ኤስ ኤ እንብሎ፥ ኮሚቲ ናይ ወለዲ፥ መምህራን ተመሃሮ ማለት እዩ። እዚ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዘሎ እዩ። እቲ ሕብረተሰብ ካብቲ ኣባሪ ዝወጽእ እዩ። እዚኦም ናይ ብሓቂ ኑቲ ናይ ትምህርቲ ኣካይዳ ዝሕግዙ እዮም። ኣብ ምሕደራ ናይ ቤት ትምህርትን ትምህርትን ይሕግዙ፥ ስነ-ምግባር ናይ ተመሃሮ ኣብ ምኽባር ይሳተፉን ይሕግዙን። ንተመሃሮን ወለድን ምስ ቤት ትምህርቲ መራኸቢ ኰይኖም ይሰርሑ። ኣብ ጸገማት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ከኣ ቀዳሞት ተሰለፍቲ እዮም። ምኽንያቱ መንግስቲ ብዘተኻእሎ፥ እቲ ናይ ትሕተ ቅርጺ ዕማም ይገብር፥ ኣብ ርእሲኡ ናይ መምህራን ደሞዝ ይኸፍል። ብተወሳኺ፥ ሕቶ ናይ ካሪክለም መጻሕፍቲ ይሸፍን። ትምህርቲ ግን እዚ ጥራሕ ኣይኮነን ዘድልዮ፥ መካየዲ ዝበሃል ነገራት ኣሎ። ቤት ትምህርቲ ይኣርግ፥ ዝተፈላለዩ መሳርሒታትን መሳለጥያታትን ኣብያተ ጽሕፈትን ወረቓቕትን የድሊ። ኩታ ብዙሕ ነገራት እዩ ኣብ ትምህርቲ ዝሃልኽ። ስለዚ ተወሳኺ ካብ ህዝቢ ሓገዝ እናዋጸኡን እናተሓባበሩን ዝሰርሑ እዞም ኮሚቴ ወለዲ እዮም። በዚ ኢጋጣሚ ብልቢ ኢና ነመስግኖም። እቲ ዝገርመካ ንሕና ከም ስርሖም ገይርና ኢና ከኣ እንርእዮም። ኣብቲ ሕብረተ-ሰብ እዚኦም ክፋል ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ኩይኖም ዝሰርሑ ስለዝኾኑ። በዚኦም ኣቢሉ እቲ ሕብረተሰብ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዓቢ ኣበርክቶ እዩ ዝገብር። ኣብ ሃገርና ከም'ቲ ንፈልጦ ካብ መዋእለ ህጻናት ጀሚርካ ክሳብ ኮለጅ ዝወሃብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ናጻ እዩ። ናጻ ክኸውን እንከሎ ግን፥ ኣበርክቶ ናይ ህዝቢ ኣጸቢቑ ዓቢ እዩ።

**- ሕራይ ሚ/ር፥ ብንጹር ህዝቢ እንታይ'ዩ ዝገብር፧**

ህዝቢ ኣብያተ ትምህርቲ ይሰርሕ፥ መምህራኑ የተባብዕ፥ ንቤት ትምህርቲ የገድስን የማዕብልን እዩ ኣብ ዝበሃል ነገራት ብቐዳምነት ዝሳተፍን ኣበርክቶ ዝገብርን ህዝቢ እዩ። እዚ ክንብል እንከለኹ፥ በቲ ሓደ ወገን እቲ ወጻኢታት ናይ መንግስቲ እዩ፥ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ብወህለል ተሳታፍነት ናይ ህዝቢ እዩ። ካልኦት ጽላታት ክንብል እንከለና፥ ናይ ማሕበራት ኣለዉ፥ ህግደፍ ኣሎ ብዓቢኡ፥ ሃማመተኤ፥ ሃማደኤ፥ ምምሕዳራት . . . ናይዚኦም ተሳትፎ ኣዝዩ ዓቢ-ዓቢ እዩ። ምምሕዳራት ክንብል እንከለና፥ ኣመሓደርቲ ከባቢ፥ ን/ዞባ፥ ዞባ ወዘተ መሻርኽትና ጥራሕ ዘይኮኑስ፥ ትምህርቲ ከም ቀዳማይ ስርሖም ርእዮም እዮም ዝሰርሑሉ። ናይ ብሓቂ ህዝቦም ወዲቦም ኣብ ስራሕ ዝኣትዉ ዘለዉ እዮም። እዞም ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎም ኣካላት መንግስቲ ድማ፥ ብመልክዕ ጐስጓሳት ተመሃሮን ሕብረተ-ሰብን ብዛዕባ ትምህርቲ ዘለዎም ኣጠማምታ ኣብ ምንቃሕ ዝሳተፉ እዮም። ምኽንያቱ ተመሃራይ ቀለም ጥራሕ ኣይኮነን ዘድልዮ። ብዓቢኡ ተመሃራይና ብኽብርታት ታሪኹን ባህሉን ተኹስኩሱ ክዓቢ ኣለዎ። ኣብዚ እቲ ሚ/ሪ ትምህርቲ በይኑ ክገብሮ ዝኽእል ነገር ስለዘይኮነ፥ እዞም ኣካላት እዚኦም ወሳኒ ተራ ኣለዎም። ብፍሉይ ኣሃዱታት እናጠቐስና እዚኦም ከምዚ ይገብሩ፥ እዚኦም ከኣ ከምዚ ይገብሩ'ኳ እንተዘይበልና፥ ኩሉ በብናቱ ኣብ ምሕያልን ምምዕባልን ትምህርትን ትሕተ ቅርጽን ሃገርና ዓቢ ኣበርክቶ እዩ ዘለዎ። ከም ኣብኡት ሚ/ሪ ምክልኻል እንተወሲድና፥ ኣብ ኩሉ ዓድታት ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ኣባላት ምክልኻል፥ ኣብያተ ትምህርቲ ይሃንጹ እዮም። ኩሉ በብሞያኡ ንትምህርቲ ክሕግዝ ዘይብገስ ሰብን ኣካልን የለን።

**- ካልእከ፧**

ካልእ፥ ናይ ደገ መሻርኽቲ ኣለዉና። ኣዝዩ ውሑድ እዩ ካብቲ ናይ ደገ ንረኽቦ፧ ዝበዝሐ ህዝብን መንግስትን ዝሸፍኖ እዩ። እንተኾነ ብዓቕምና ካብ መሻርኽትና እንረኽቦ ነገራት፥ ኣብቲ ኣቐዲመ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ዝጠቐስኩዎ ውጹዕ ዝበሃል ከባቢ፥ ሕቶ ደቂ-ኣንስትዮ፥ ሕቶ ስንኩላን፥ ሕቶ ኣዝዩ ርሑቕ ዝኾኑ ከባቢታት ኣብ ግምት ኣትዩ እዩ ዝትግበር። ከም ኣብኡት ኣብ ኣስመራ ዘላ ቤት ትምህርቲ፥ ብዓቕሚ ናይ ህዝቢ ሶላር ክትገብር ትኽእል እንተደኣ ኩይና፥ ኣብ ኣዶብሓ ወይ ካልእ ርሑቕ ዘላ ቤት ትምህርቲ እዚ ዕድል'ዚ ክትረኽቦ ዘይትኽእል ቤት ትምህርቲ ኣለሲና፥ እተን ካብ መሻርኽትና ውሑድ ቀሩብ ቀራሪቦ እንረኽበን ኣብ ከምዚ ነውዕለን ማለት እዩ።



**ይቕጽል...**

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ኮማንዶ ሮራ ቤትገብሩ

ከረንን ከበኣን፡ ድሕሪ ምፍራስ ግንባር ናቕፋን ምሕራር ከተማ ኣፍዓበትን፡ ናብ ገዛፍ ወተሃደራዊት መዓስከርን ምድሪ ዓውደውግእን ተለዊጣ ነበረት። ስርዓት ደርግ፡ ብምድምሳስ እዚ ናደው ስለ ዝተሰናበዩ፡ ንኣህሪ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንምዕጋት፡ ዳርጋ ንዘበዘለ ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ናብ ግንባራት ከረንን ባጽዕን ኣጉዒሙዎ ነበረ። ዝተፈለ ዓይነት ሰራዊትን ዘበለጸ ዓይነት ኣጽዋርን ኣብ ቅድመ ግንባር ናይዘን ክልተ ከተማታት ተሰለፎም እየም። ብኽልቲኡ ተጻረርቲ ሓይልታት ብዘገበር ዝበረ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳትን ምትህልላኽን፡ ግንባር ከረን ብዳርባታት በማ ናይ ሜኣሉይን ከበድቲ ኣጽዋርን መሬት ኣንቀጥቂጡ፡ ልዕልን ትሕትን መሬታ'ውን ብዘተጻወዱ ነተገቲ መርገጺ ኣይነበራን።

ጸላኢ፡ ከረን ወይ ባጽዕ እንተ ተመንጢሉ፡ ንኤርትራ ብዮብያ'ውን ክስእና ምዃኑ ስለ ዝተረድኦ፡ ንግንባራት ከረን ኣንጼዋ ዘይትሓልፍ ዕርድታት ሃጺ ኣደልዲሉ ሓጺሩ። ካብን ናብን ከረን ዝወጽእን ዝኣቱን ሰብ፡ ብጽኑዕ ተፍትሸየ ዝሓልፍ። በዚ ምኽንያት፡ ምንቅስቓስ ወፋያትን ውዱባትን ህዝባዊ ግንባር ወሽጢ ከረንን ከበኣን፡ ብፍላይ ድሕሪ መጋቢት 1988 ካብ ረቒቕ ቀጻጽር ጸላኢ ንላዕሊ ክራቐቑን ዝያዳ ምስጢራውያን ክኾኑን ዝደረኸ መድረኽ ነበረ።

ኣርኣያ ዓንዱ ድራር፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ከበቢ ከረን ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ወፋያት ነበረ ሮራ ቤትገብሩ እዩ። ኣርኣያ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብን ምዕራብን ግንባር ከረን ሰሊዖ ምክትታል ብዘገበር ዝበረ ኣብል ሰሪያ 72 መሓሪ ጭንዕ ኣብ 1988 ተወዳበ። ድሕሪ ምውዳቡ፡ ንዝተዋህቦ ቀዳማይ መደብ ስራሕ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣተግቢሩ ብዮወት ምስ ተመልሰ፡ ወተሃደራዊ ክሻፋ፡ ካሻሽንን በማን ተዋሂቡ ንዝያዳ ዓበይቲ ስራሕ ድልው ኮነ። ብዘወኻኸ፡ መርሕቲ ዝኾና ምስ ሓደ ሮመዳን መሓመድ ዝተባህለ ዜጋ ከም ዝላለ ተገብረ። እዚኣቶም፡ ከም ደቂ ዓዲ ክፋለጡ ዘጸንሑ ኮይኖም፡ ንኽልቲኦም ብሓንሳብ ናይ ሓንቲ መልቲ ኣቀባበራን ኣወጻጽኣን ነተገቲ ትምህርቲ ከም ዝወሰዱ ተገይሩ። ድሕሪዚ ኣብ ከበቢታት ጀንገሬንን ሮራ ቤትገብሩን ሓበራዊ መጽናዕቲ ከይዶም ጀመሩ፡ ድሕሪ ናፍሲ-ወከፍ ወፍሪ'ውን ጸብጻቦም ናብ መሓሪ ጭንዕን የማን (ወደብቲ) የረክቡ ነይሮም።

ኣብ ወርሒ ማዕረም ናይ 1988፡ ብምኽንያት ምምጻእ ናብ ስልጣን ስርዓት ደርግ (ንምብዓል ማዕረም-2) ኣብ ዝገበር ዝበረ ምሽብሻብ፡ ኣብ ማሰመር ጀንገሬን ንሓልሓል ዘበል ጽዑቕ ምንቅስቓስ ተራእዩ። ብዓል ኣርኣያ፡ ኣብዚ ማሰመር'ዚ ነተገቲ ክቕበሩ እንተኽኢሎም ንጸላኢ ዕንቅፋትን ልቡ መለኡ ካብ ምንቅስቓስ ከወንቅፎን ከም ዝኽእል ግምት ወሰዱ። ንምትግባሩ'ውን ተንቀሳቐሱ። በቲ ኣቐዲሞም ከጽንዑዎ ዝቐጹ ማለትኹ ቦታ ኣቢሎም፡ ኑቲ ናይ ሓለዋ ኾቐጣታት ብለይቲ ሰገሮም ኣብ ጸርግያ ጀንገሬን በጽሑ። ሮመዳን ንምንቅስቓስ ጸላኢ ኣብ ምክትታል ንሓለዋ ከዋፈር ከሎ፡ ኣርኣያ ደማ ፈንጂ ናይ ምቕባር ሓላፍነት ወሰደ። እቲ ጸርግያ ተረር ባይታ ስለ ዝኾነ፡ ኣርኣያ ብዮዚ (ሳንጃ) ንምኽዓቱ ኣሸገሩዎ'ኳ እንተነበረ፡ ግን ተሰፋ ብዘይምቍራጽ ኣዱ ክሳብ ዝሞለቖ ኑቲ ከዕታ ብጽሬት ወድኦ። ብዚዩ ናይ ጸላኢ ምስኽኻል'ውን ኑቲ ኑታገ ቀቢሩ ኣመሳሰሎ። ኣርኣያን ሮመዳንን ዝ. ጊየርም ብሰላም ናብ ማጠለኦም ተመሊሶም ግዝ ምስ በጽሑ፡ እቲ ኑታገ ከም ዝተፈንጀረ ዘሰር ብርቱዕ ድምጺ ሰምዑ። ኣይሰለጠምን፡ ምኽንያቱ ድሕሪታ ቀዳመይቲ ኦራል ብፈንጂ ምህናዋ፡ ኑቲ ከበቢ ጥብቕ ሓለዋ ኣዋፈርምሉ እየም። ሓንሳብ ጥራይ ዘይኮነ ብተደጋጋሚ ናይ ጸላኢ ምንቅስቓስ ስለ ዘበዘሉ፡ ክሰልጦም ኣይከኣለን። በዚ ምኽንያት፡ ኣንፈት ቀጸለት።

ኣርኣያ ባዕሉ ይኸውኮባ ከም ዘሎ ከይፍለጥ ምእንቲ ንድሕሪት ተመለሱ ናብ ጀርዲኑ ኣተወ። ክሳብ'ታ ሳም ማእከል መዓስከር ትኣቱ ኣብ ጀርዲኑ ንሓጺር ደቓይቕ ተጸበዩ። ጸኒሐ፡ ፋሱ ኣብ ማእገሩ ገይሩ ናብቲ መዓስከር ተመልሰ። እታ ሳም ሳዕሪ እናበልዐት ናብ ወሽጢ ወተሃደራት



እንታይ ሸነወት ከም ዘኸተለ ጸጺይ ሓበሬታ ንምርካብ'ውን ምንቅስቓሶም ቀጸለ።

ኣርኣያ፡ ወጽኢት ናይቲ ዝተፈንጀረ ኑታገ ንምፍላጥ ሓው ናብ ከረን ልኣኾ። ናብ ሓደ ምስ ደናግል ዝሰርሕን ናብቲ ወተሃደራዊ ሕክምና ከረን ናይ ምእታው ዕድል ዝበርን ተሓባባሪ ልኢኹዎ። "ንሱ ዝለኣኾ መልእኽቲ ሒዙለይ ምጹእ" ኢሉ ኣፋነዎ። በዚ ማሰመር'ዚ ኣብሉ ኾኦ፡ ወተሃደራዊ ሕክምና ከረን ብሓያሳቲ ቀሳላት ወተሃደራት መሊኡ፡ ሲቭል ሰራሕተኛታት ምእታው ክሳብ ዝኽልከሉ ኮይኑ ከም ዝበረ ኣረጋገጸ። እቶም ቀሳላት ብኑታገ ዝተሃርሙ ምዃኖም'ውን ጭብጥ ሓበሬታ ተረኽበ።

ድሕሪዚ ኣርኣያን ሮመዳንን ንወደብቶም ከበሩ ናብ መራኸቢ ምስጢራዊ ቦታኦም ተጓዕዙ። ኣብቲ ቦታ ምስ በጽሑ፡ ብዓል ወድጭንዕ ደሮ ብኻልእ ማሰመር ጸጹይ ሓበሬታ ረኺቦምሉ፡ ምስ ብዓል ኣርኣያ ምልውዋጥ ሰላምታ ከይወድኡ ብናይ እንቋዕ ኣሐጐሰኩም ቃላት ተቐበሉዎም። ብዓል መሓሪ ጭንዕ፡ እቲ ብዓል ኣርኣያ ዝቐበሩዎ ኑታገ ንሓንቲ ወተሃደራት ዘሳፈረት መኪና ሓምሺሹ ንቶም ወተሃደራት'ውን ናብ ጥጥቕ ከም ዝቐየሮም ኣረጋገጾም ጸኒሑም።

ድሕሪ ናይ ጀንገሬን ዕዉት ስርሒት'ውን ስራሓት ናይ'ዛ ጉጅለ ቀጸሉ እዮ። ብዙሕ መሰናኽል ሓሊፉ ናብ ወሽጢ ቅድመ-ግንባር ብምእታው፡ ካብ ሓመልማሎ ናብ ኣዝረቖት ኣብ ዝወስድ ጸርግያ ሓደ ኑታገ ቀበረት። እንተኾነ ከም ዝተተኮሰ'ኳ ኣረጋገጹም እንተፈለጡ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ እንታይ ዓይነት ጉድኣት ከም ዘውረደ ኣይተፈልጠን። ኣብ ሮራ ቤትገብሩ ዝቐበሩዎ ሓደ ኑታገ ግን ዓባይ መኪና ወቒዑ፡ ንሓንቲ ኦራል (ወተሃደራዊት መኪና) ናብ ሓሙኽሽቲ ቀይራታ።

ካብኡ ዓመት ጸኒሖም (ኣብ 1990 ኣበሉ) ከምኡ ዓይነት ስርሒት ንምፍጻም ብለይቲ ናብ ሮራ ቤትገብሩ ኣብ ዝኣተዉሉ ግዜ፡ ሮንዳ (ተንቀሳቓሲት ሓለዋ) ስለ ዘጋጠሞምም መጽናዕቶም ናብ መጋርሕ ብምቕያር፡ ኣብ ኣፍደገን መሳሽትን ከረን ዘዝዩ።

ከረን፡ ብናይ ተፍትሽ ብለቀታትን ሮንዳታት ወተሃደራትን ተጻቢባ ስለ ዝነበረት፡ ካብ ዓይኒ ህዝብን ሰራዊት ጸላእን ተኸዊሎም ንምንቅስቓስ ብዚዩ ማጠን ይሸገሩ ነበሩ። ልዑል ናይ ምስራሕ ድሌት፡ ተወፋይነትን ወንን ስለ ዝበሮም ግን፡ ኣብ ዓበይቲ መዓስከራት መጋርሕ ለይትን ቀትርን ከለላ የጣይዱ ነይሮም። እቲ ኣብተን መዓስከራት ዝበረ ሰራዊት በብግዜኡ ናብ ግንባራት እናኸደ ስለ ዝተኻየደ፡ ኣብኡ ዳርጋ ክፍልታት ናይቲ ንግንባር ዝኸደ ሰራዊት ጥራይ ተረፉ። እቶም ክፍልታት ከኣ፡ ብሰንኪ ዋሕዲ ኣብቲ ማእከል መዓስከር ጥራይ እናተደረቱ ስለ ዝመጽኡ፡ ህላወ ጸዕቂ ሰራዊት ተረፉ ብዙሕ ባዶ ቦታታት ነይሩዎ።

ብወገን ቅዱስ ጊዮርጊስ ዝበረት መዓስከር ሜፍናዝድ ግን ሰራዊት ነይሩዋ። ኣብኣ ጥራይ ክሳብ 7 ታንክታት ነይረን። ሓደሓደ ግዜ ለይቲ ምስ ኮነ ጅጅ! እናበላ ኣብ ከተማን ብለቀታታን በጺሐን ይምለሳ ነይረን። ዝኣተን ንምህራም'ውን ኣርኣያን ሮመዳንን ኣብ ማእከል መዓስከር ኣትዮም ኑታገ ቀብርምለን ነይሮም። ግን እታ ዝቐበሩዋ ፈንጂ ቀቢዓ ክሳብ ዝሰበረ'ኳ ብሰንሰለት ታንኪ ተረገጸ እንተኾነት፡ ግን ዓቢሳ ኣይተተኩሰትን።

ብዓል ኣርኣያ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝገበሩዎ ዝበሩ ውልቀ ተበግሶ ወደብቶም ኣብ 1991 ጸቕጦም መዓስከራት ከጽንዑ መምርሒ ሃቡዎም። እዚ መምርሒታት'ዚ ዝቒባጥ ምላሽ ንምሃብ ከኣ ብዕቱብ ተንቀሳቐሱ። ብፍላይ ኣርኣያ ዓንዱ፡ ኑቲ ዘይእቶ መዓስከራት ሰንጢቑ ወሽጢ ንምእታው ዝተፈላለየ ብልሓት ክጥቀም ተራእዩ። ናብ መዓስከር ሽታፍ (ከበቢ ዳጋ ከረን) ኣትዩ ንምጽናዕ ድማ፡ ኣብ ብርሃን ጸሓይ ሓንቲ ሳም ኮብኮብ ናብቲ መዓስከራት ተበገሰ። ኑታ ሳም ክሳብ መእተዊ መዓስከር ኮብኮብ ምስ ኣብጽሓ፡ መዓስከር ሽታፍ ብዙሕ ሳዕሪ ስለ ዝበሮ ሳም ክትበልዕ ባዕላ ንወሽጢ ገጻ ዝምገበሉ ቦታ ተጻጊዓ ጸንሓቶ። ኣርኣያ'ውን ትኽ ኢሉ ናብቲ እታ ሳም ዝበረቶ ቦታ ቀረበ። ኣብታ ሳም ዝበረቶ ምስ በጽሐ፡ ኣብ ከበቢ ምግብና ዝጸንሑ ወተሃደራት ብምሉኦም ተኾሲኦም፡ "ወዝበዬ ኣትዩና" እናበሉ ንኣርኣያ ከበቡዎ።

ብፍላይ ሓደ መሓመድ ዝበሃል ወተሃደር፡ ቀዳሞ ብምምጻእ፡ "ኻባቲ ፋስ!" ኢሉ ካብ ኢድ ኣርኣያ ምንጣል ኣብሉ ቡታ ሓኸለ። ገይሩ ንኢድ ኣርኣያ ቀርሲሙ ማእከለይቲ ኣጻብዕቱ ሰይሩዎ። ኣሰዒቡ መሓመድ፡ "እንታይ ክትገብር ናብዚ መዓስከር ኣቲኻ!" በሎ ብኢድሩ።

"እዛ ሳም መለቓ ናብዚ መዓስከር ኣትያ፣ ንዓኣ ክወስድ'የ ኣትየ" መለሰ ኣርኣያ።

መሓመድ፡ ከይተጻገመ ቋንቋ ትግርኛ ዝሰምዕ ወተሃደር እዩ። ግን ብኣምሓርኛ'ዩ ዝዛረብ። ድሕሪ ኑታ ፋስ ካብ ኣርኣያ ምምንጣሉ መንቀሳቐሲ ወረቐት ስለ ዝሓተተ፡ ኣርኣያ፡ ናይ ረሰዐዘ መንቀሳቐሲ ወረቐት ኣርኣየ። መሓመድ፡ ኑታ ወረቐትን ኣብ ጅባኡ ንዘጸንሓ ሰለስተ ብርን ኣግዲፉ፡ ብኸሳዱ ሐዙ ናብ ሓንቲ ትሕቲ መሬት ዝተሰርሐት ጸቢብ ገዛ ኣእትዩ፡ ኑታ ኣፍደገኣ ሓጺር ገይሩ ለኮታ።

ኣርኣያ፡ ኑታ ዝተዓኸለ ገዛ ኣብ ወሸጣ ኮይኑ ክዕዘብ ኸሎ፡ ናይ ወተሃደራት መዓስከር ግዚያዊት መቐጻዲት ዝበረት ክትከውን ኣለዋ ኢሉ ገመተ። ኣብኣ ተዓጊቱ ድሕሪ ምውዓል ምሸት ከበቢ ሰዓት ኣርባዕተ ኣውጺኦሞ። ደጊሞም ሕቶታት ምስ ኣዘበሉ፡ ሰሜናዊ ሰብ ምዃኑን ኣብ ጥቓ መዓስከርም ጀርዲን ከም ዘለዎ፡ ናብቲ መዓስከር መምጽኢኡ ምኽንያት ከኣ ኑታ ናብቲ መዓስከር ዝኣተወት ሳም ክወስድ ከም ዝኣተወ ገለጸሎም። ልዕሊ ኹሉ ግን እታ ሓዚዋ ዝጸንሐ መንቀሳቐሲት ወረቐት ጠቒማቶ። ንሱ፡ ንርእሰ ምምሕዳራዊ ቀሳታት ኤርትራ ተቐቢሎም፡ ምስ ስርዓት ደርግ ኪዳን ብዝኣተወ ኤርትራውያን ከዓዊት ሓለፍቲ ትዋሎ ዓይነት መንቀሳቐሲት ወረቐት እያ ነይራ። ሳላ ኑታ ወረቐት ዘጀንሐ፡ ኣርኣያ ዓንዱ ድራር ካብ ዝሽረረ መገረፍትን ምርሻትን ኣምለጡ።

ኣርኣያ፡ ካብቲ ተኣሲሩሉ ዝወዓለ መዓስከር ተመሊሱ ግዝ ምስ ኣተወ፡ ደቁ ኣብ ጀርዲን ስኢኖሞ ምኻሉ'ውን ሐዞሞ ንገዛ ተመሊሶም ጸኒሖም። ኑቲ ዘጋጠሞ ጸገም ንወሽጡ ገይሩ፡ ብስራሕ ከተማ ኣትዩ ከም ዝወዓለ ገለጸሎም። ናብ መዓስከር ሽታፍ ምእታዉን ማእሰርቲ ከም ዘጋጠሞን፡ ካብ ስድራቤቱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንወደብቱን ንሮመዳን'ውን ኣይገለጸሎምን።

ኣርኣያ፡ ከምዚ ዝበለ ምንቅስቓስ እናገበረ ኸሎ፡ ግንቦት 1991 ኣብ ደሮ ምጅማር ዛዛሚ ኩናት፡ ካብ መሓሪ ጭንዕ መምርሒ ስራሕ ተቐበለ፡ "ንወተሃደራት ጸላኢ መረበሽን መርዓድን ኣብ ከበቢ መዓስከራቱ ተኹሲ ክፈቱ" ዝብል'ዩ ነይሩ። ኣርኣያን ሮመዳንን ከኣ ስርሒት ዝፍጸመሉ መዓስከር ንምምራጽ ተላዘቡ። ሮመዳን ክህርም ዝሓረዮ ትካል ሰራዊት'ኳ ጠቐሱ እንተነበረ፡ ኣብ መወዳእታ ግን ኑታ ኣርኣያ ዘጽንዓ (ዝተኣሰረላ መዓስከር ሽታፍ) ክሃርሙ ተረዳደኡ። ነዚ ከጥቕዑ ምስ ወሰኑ፡ መሓሪ ጭንዕ ንመሓመኣደም ዝተባህለን ካልእ ሰብን ምስኣቶም ኣብቲ መጥቃዕቲ ክስተፉ ደረበሎም።

እቲ ክገብሩዎ ዝመደቡ ስርሒት፡ ብኸሽን፡ ብዳርባ በማባታትን ብሓዊ ንኣንጻዱ መዓስከር ጸላኢ ምቕጻልን ዕላማ ገይሮም ወጠኑ። ሮሞዳን መሓመድ ኣንጻዱ ናይ ምቕጻል ሓላፍነት ተሰከመ። ኣርኣያ ባዕሉ ኣጭርቐቲ ሳማ ኣጠልቂዩ መገዲ ኣንጻዱ ኣዳለወሉ። ክሳብ ኣብ ቦታ ስርሒት ዝጸሓሉ እቲ ሳማ ሃሪፉ ከይውዳእ ምእንቲ ኣብ ጎማ ኣእትዩ ብምድላው ንሮመዳን ሃቦ። በዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ክልተ ጉጅለታት ብምምቃል ከኦ ኣብቲ ንጸላኢ ካብ ምድሪ ኤርትራ ንሓዋሩ ንምጽራግ ምስኡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብየገንባር ደቀምሓረ ክየጥጠ ከሎ፡ ኣርኣያ ድማ ኑታ ንእሽቶ ጉጅለ ኮማንዶ ሮራ ቤትገብሩ መሪሑ ናብ መዓስከር ሽታፍ ተጻግዐ።

ኣብ መወዳእታ፡ እታ ናይ ካሻሽንን በማባታትን ጉጅለ ብዙሕሰን ዳርባ በማባታትን ኑታ መዓስከር ከተናውጻ ኸሎ፡ ድልዱል ኣሃዱ ህዝባዊ ግንባር ዝሽጅም ዝበረ ኣምሰሉዎ። ብወገን ሮመዳን ዝተዋህቦት ኣንጻዱ ናይ ምቕጻል ተልእኾ ግን ኣይተዓወተላን። ኣርኣያን ብዑቱን ባርዕ ክርእዩ እንተተጸበዩ ወይከ፡ ተመሊሶም ኣብ መራኸቢ ቦታ ምስ በጽሑ ንሮመዳን ምስ ሓተቱዎ፡ ምቕጻል ከም ዘኣበየ ገለጸሎም። በዚ ምኽንያት፡ ናይ ተኹሲ መጥቃዕቲ ጥራይ ገይሮም ናብ መጠለኦም ተመሊሶም።

ኣብ መዓስከር ሽታፍ ዝበረ ጸላኢ፡ በቲ ዝተፈነወሉ መጥቃዕቲ ተሰናቢዱ ቦታኡ ለቒቑ ናብ መዓስከር ሜፍናይዝድ ኣትዩ ሓደረ። መዓስከር ሽታፍ ግን በዩና ሓደረ። ጸላኢ መዓስከሩ ለቒቑ ከም ዝኸደ፡ ንጽባሒቱ ንግሆ ኑተት እናበለ ካብ መዓስከር ሜፍናይዝድ ናብ ቦታኡ ክምለስ ምስ ርእዩዎ እዮም ኣፈናቒሉሞ ከም ዝሓደሩ ዘረጋገጹ። ግን፡ ብድሕሪኡ ጸላኢ ኣብቲ መዓስከር ከይወዓለ ከይሓደረ ተሰናበተ። ካብቲ መዓስከር ጥራይ ዘይኮነ ንመላእ ኤርትራ ከየ ደርብዩዎ ተኾማሲሉም ጠቕሊሎም ንምዕራብ ገጾም ክንጓዙ ከለው፡ ብዓል ኣርኣያ ኣጽዋር ጸላኢ ንምትራፍ ተቐዳደሙ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሰናይት ገብረመድህን፥ ኣደይ ሓንሳ ቦኽረ ወላድሚካኤል ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፥ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ካህን ታፈሰ ወንዶሙ ከም ኣ'ውን መብራህቱ ወልደገርግሽ ምባል ተረፉ፥ ካህን ታፈሰ ወንድሙ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሓበን ተስፋይ ሃብቱ፥ ተኸሳሲ ዳኒኤል ተስፋኣለም ማስፍን፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡላ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቀረቡ። እንተዘይቀሪቦ፥ ጉዳይኻ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥ።

ኢትባረኽ ካሕሳይ ዳምር፥ ብዋልቲ ቤተይ ውዱሴ ወልደገብርኤል ስለዝዓረፈት፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣቶ በረኸት ገብረማርያም ተኽለሚካኤል፥ ኣዴና ኣብርሃጼን ገብረስላሴ ኪዳ፥ ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ዑቕባማርያም ኤልያስ መብራህቱ፥ ኣቦይ ኤልያስ መብራህቱ ግርማጼን ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣብርሃም ኣሰፋው ተኽሉ፥ ኣቦይ ኣሰፋው ተኽለን ኣደይ ስላስ ጼጋይን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ሳባ ተኻሸ ወልደኣምላኽ፥ ብዓል ቤተይ ዓንደም ንርኣዮ ነጋሲ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋልደት ገብረዝጊ ተስፋዝጊ፥ ኣቦና ገብረዝጊ ተስፋዝጊ ገብረክርስቶስ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጼጋ ገብረሚካኤል በርሀ፥ ተኸሳሲ የውሃንስ ዘርኣይ መሓሪ፥ ናይ ሞግዚት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቡ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥ።

መርሃዊ ማቲዎስ የሴፍ፥ ኣቦይ ማቲዎስ የሴፍ ሃይሉ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለምለም ፎቶ ስቡሓት ምባል ተረፉ፥ ለምለም ፎቶ ስብሃቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሕርይቲ ወረደ ዑቑባዝጊ፥ ብዓል ቤተይ ፍስሃጸየን ተስፋሚካኤል ቀለታ ስለዝዓረፈ፥ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገሬዳ ገብረማርያም ገብረሂይወት፥ብዓል ቤተይ ገብረኪዳን ወልደሃዋርያት ጸጉ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 3ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ገብረሂይወት፥ ስም ኣደይ ክብራ ዓንደ ምባል ተረፉ፥ ክብራ ሓጎጣል ዑቑባጊርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ትሕቲ ዕድመ ዳይሞን ኣብርሃም ምባል ተረፉ፥ ማትዮስ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ቦፍታ ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፥ ወፍታ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ገብርሂወት ኢማም፥ ተኸሳሲት ምዕራፍ ሀብትዝጊ መሓሪ፥ ናይ ፍትሕ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥ።

ፊልጶስ ቀለታ ኢማም ምባል ተረፉ፥ገብረሂወት ኢማም ተድላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚሮን ሞገኣ ፍረ ምባል ተረፉ፥ ሚሮን ስምኦን ተስፋእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ወ/ሮ ጥምቀቱ ንጉሰ ገብረሂወት፥ ስም ኣደይ ዑቕባኣ ወልደኣብ ልጃም ምባል ተረፉ፥ ዑቕባማርያም ወልደኣብ ልጃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሓሪና ኣማኑኤል ብርሃ፥ ኣቦይ ኣማኑኤል ብርሃ ገብረሚካኤል ስለዝተሰወኡ፥ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሓዳስ ባህረ፥ ተኸሳሲ ኣማኒኤል ለገሰ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኖሪ ኣብብከር ማሕሙድ ምባል ተረፉ፥ ኑር ኣብብከር ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ የርሳሌም ተኣምራት ገዛኢ፥ ብዓል ቤተይ ነጋሲ ወልደትንሳኤ ኣብርሃ ስለዝዓረፈ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ምላሹ ርእሶም ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፥ ምላሹ የማነ ገብርሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዑቕባ ብርሃ ምራጭ፥ ብርሃ ምራጭን ለተብርሃን ገብረን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰምረት ተኽሉ በርሀ ምባል ተረፉ፥ ሳምራዊት ተኽሉ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኣምባሳደር ልኡል ገብረማርያም ምባል ተረፉ፥ ኣንበሳ ልኡል ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ዓሻ ዑመር እድሪስ፥ ብዓል ቤተይ ፈረጅ መሓመድ ዓሊ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓሊ ሳልሕ ተውላክ ምባል ተረፉ፥ ዓሊ ሳልሕ ዓሊ ተውላክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሰዒድ ኣሕመድ ሳልሕ ምባል ተረፉ፥ መሓመድ ሰዒድ ኣሕመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢታኽልቲ የሴፍ ተስፋገርግሽ ምባል ተረፉ፥ ኢታኽልቲ ፍስሃየ ወልደገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲት ራሄል መለስ ፍትዊ፥ ተኸሳሲ ደፍዕ ኣብርሃ ገዘዩ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ዞባ ዓንሰባ 2ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ከልቱማ መሓመድ ዐስማን ኣኽተ፥ ስም ኣደይ መተመት ሮሞዳን ምባል ተረፉ፥ መተመት ዳፍላ ደብዚት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ዓሻ መሓመድ ኣሕመድዐስማን ምባል ተረፉ፥ ዓሻ መሓመድኣሕመድ ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ሓጋዝ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

ራህዋ ተስፋት ዑቅባያስ፥ ስም ኣደይ ህድኣት መብራህቱ መንደር ምባል ተረፉ፥ ዋህዱ ወልደንሴ ተላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በርሁ ክፍላይ ኪዳነ ምባል ተረፉ፥ በርሀ ክፍላይ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሳዕድያ ሓጅ መሓመድ ጃብር ምባል ተረፉ፥ ሳዕድያ ማሕሙድ ጃብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋጥና ዓሊ ሼጋ ኣውሪን ምባል ተረፉ፥ ፊኪ ሼጋ ኣውሪን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ደሊና ተስፋኣለም ፍቕረስላሴ ምባል ተረፉ፥ ደሊና ፍቓዱ ገብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወይኒ ተስፋመንቀርያስ፥ ብዓል ቤተይ ሽመንዲ ተስፋይ ደሞዝ ስለዝተሰወኡ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ሕሴን መሓመድዓሊ ዓብደላ ምባል ተረፉ፥ ሕሴን መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ከሳሲት ወ/ሮ ሄርሚላ ክፍሎም ኪዳ፥ ብወከል ክፍሎም ኪዳ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ዳኒኤል ዘርኣይ ተወልደ፥ ናይ ሓዳር ክርክር ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ወራ/ፍ ኣብርሃም ተኽለማርያም (ወ/ሮ ኣበባ ኣብርሃም)፣ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ኢያሱ ኣሕፈሮም ኣስገዶም፣ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም 1.ሄለን ተኽሰተ 2. ራይሞን ኢያሱ 3. ሜሮን ኢያሱ 4. የራን ኢያሱ 5. ኤልዳና ኢያሱ 6. ስምኦን ኢያሱ፣ ን01/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ሳቤላ ሃገር ጋዝዩ፡ ኣደይ ግደይ ፍስሓጽዮን ገለ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ህልውቲ ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወይዘ ጉዕሽ ኣስፍሃ ተኸሳሲ ኣብርሃለ በሪህ ማሰገኑ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ስለማዊት የሴፍ ኪዳኑ ብዓል ቤተይ ዘርኡ ጺጋይ ኣብርሃ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይትሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋጺሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ፍስሃ ጉብረስላሴ ወልደጊዮርጊስ ምባል ተረፉ፡ ፍስሃ ዘርኣስላሴ ወልደጊዮርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክብሮም ገዙ ሃይሉ፡ ኣዴና ሚለን ኣረፋይነ ጉብረኣምላኽ ስለዝዓረፈት፡ ንሕና 3 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ልዋም ጺጋይ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ኣቦና ጺጋይ ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚልዮን ዞሚከኤል ዓንደሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሚልዮን ዘሙይ ዓንደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ተኸስተ መሓሪ ንጉሰ ምባል ተረፉ፡ ከስተ መሓሪ ንጉሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ መሓሪ ኣጽብሀ፡ ኣቦይ መሓሪ ኣጽብሀ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

በሽር መሓመድ ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ በሽር መሓመድሳልሕ እብራሂም መሓመድ ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ኣሕመድ መሓመድ ሰዒድ ዐስማን ምባል ተረፉ፡ ኣደም መሓመድሰዒድ ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ያሲን የኖስ ዓብደናር ምባል ተረፉ፡ ያሲን የኖስ መሓመዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓፊት እድሪስ መሳ ምባል ተረፉ፡ዓቤት እድሪስ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጀምዕ መሓመድ መሳ ምባል ተረፉ፡ ጀምዕያ ኣሕመድ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ዓረፋት ሳልሕሳልም ሸገሩይ ምባል ተረፉ፡ ዓረፋት ሳልሕ ሳልም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣቶ ኣሐመድ ኣደም ዓብደላ፡ ፋጥና ኣደም መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ፋጥና ኣደም እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተኺዳን መለሱ፡ ብዓል ቤተይ ወልደኣብ ጉብረክርስቶስ ወልደዝጊ ስለዝዓረፈ፤ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይትሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋጺሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሩታ ዑቕባጽዮን ግርማጽዮን፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሓደሽ መሓሪ ኣስገዶም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ሰረቐ፡ ኣደይ ኣልጋሽ ሃይለማርያም ወልዱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ ሓምድ ኢብራሂም ምባል ተረፉእድሪስ ሁመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሄለን ዓንደብርሃኑ ተኸሳሲ ኣቶ ሰረቐ ፍቕረይ ኣብርሃም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ጥላይሽ ማተዎ፡ ብዓልቤተይ ጉብረማርያም ሃይለ ካፍል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋጺሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ማና ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ መሓሪ ጉዑሩ መንደር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋጺሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ምልእተ ገዚኣ ጉብረትንሳኤ፡ ት/ዕድመ ወላደይ ሳምራዊት ሃብተየም ስለሙኑ ኣቡኣ ሃብተየም ስለሙን ምስዮና ስለዝተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ሃብትን ንብረትን ወራሲት ናይ ወላዲኣ ምዃና ደረጋጺላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሶፍያ ኣብብከር ኣደም ምባል ተረፉ፡ ኣፍራሕ ሸሬን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሓሰና ጃህራይ ሓምድ ምባል ተረፉ፡ ሓሰና መሓመድ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ታምኣይል ኤርትራ ሓ/ዝ/ብ/ማ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ እድሪስ ዑስማን ዝተፈጥረ ክርክር፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ብዕለት 01/11/23 ብቑ/መዝ 10/23 ብዘሎ ትእዛዝ መሰረት፡ እዚ ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ከተማ ባጽዕ ከባቢ ተርሚናል ኣብ ፕሎት 16 ፓርሰል ጀይ ዝርከብ ኣብ 253.00 ት/ሜ ዝተደኮነ ሰለስተ ቀንዲ ክፍልን ኣርባዕተ ሓገዝቲ ክፍሊን ዘጠቓለለ ተራ ገዛ፡ ብክኢላ ማበረ. ዋጋ 834.190.56 (ሸሞንተ ሚእትን ሰላሳን ኣርባዕተን ሽሕን ሚእትን ቴስዓን 56%) ሽሕን ስለዝተገመተ፡ ኣብ'ቲ ዝቐደ ሓራጅ ክውዓደር ዝደለ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ መዓልታት ጀሚሩ፡ ናይ'ቲ ክውዓደረሉ ዝረቑሐ መጠን ገንዘብ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወሉ ዕጹው ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር። ብዘወሳኺ፡ ኣብ ዕለት ሓራጅ ናይ'ቲ ዝተወዓበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሒዙ ብምቕራብ ክውዓደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓረጅ፦ 22/7/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋባእያ ቁ/27
ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል። ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ባጽዕ ከባቢ ተርሚናል ብምኻድ ክዕዘብ ይኽእል።

---

ብስም ወሊድ ዓብደላ መሓመድ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከባ/ዚፕ ኮድ 4ተ ኣስመራ 1A138 ጎደና 138-1 ቁፅሪ 23-41 ፕሎት 17 ፓርሰል E ጠቕላላ ስፍሓት መሬት 1090.62 ት/ሜትር ኮይኑ፡ እቲ ኣብ ስፍሓት 55.76 ዝርከብ ቀንዲ ክልተ ክፍሊ፡ ክልተ ተሓጋጋዚ፣ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ምስክር መዝገብ ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1/011254/1 ብዕለት 13/04/2017 ዝተረጋገጸ ገዛ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ወሊድ ዓብደላ መሓመድ
ወኪል ዓብደልቅዱስ ዓብደልዓሊም

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ቢንቢና ቁፅሪ 55 ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00040524 ናይ ፎርኖ ትካል ወ/ሮ ቅዱሳን ሃብተጽዮን ዑቕባጊርጊስ፡ ብዕለት 02/05/2019 ቁ.መዝ 122/2019 ብውህብቶ ስለዝሃበትኒ፡ ብስም ወሃቢት ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃሊዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሓለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስመይ ወህብቶ ተረኺቢ ከም ዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

መዋእል በረኸት ተኽለሚካኤል

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ከባቢ ሜዳ ኤርትራ ጎደና ተሰነይ ቁፅሪ 10 ዚፕ ኮድ 1A194 ፕሎት 48 ብስም ወ/ሮ ብርኽቲ ጉብረእየሱስ እልፈ ዝተመዝገበ ልብሪቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሃልዩ፡ ብቁ.ቴል 07199490 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ብርኽቲ ጉብረእየሱስ
ወኪል ተጋ/ተኽለዝጊ ክፍሉ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣልጋሽ ተከስተ ጉብረኪዳን፥ ብዓል ቤተይ ለኣከ ዑቕባሚካኤል ዓንደሚካኤል ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ የሰፍ ሓጎስ መሓመድብርሃን፡ ተጻዋዕቲ ወረ/ኛ ዘይቱ ዓሊ ዘይኑ፣ ዝቢይዳ ኢብራሂም፡ ዘማዝም ዘይቱ ዓሊ፡ ሰማራ ዘይቱ ዓሊ፡ ዓብዱ ዘይኑ፣ ብኮሳሲ የሰፍ ሓጎስ መሓመድብርሃን ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ሃብተማርያም ሃብቱ ኣሰፍሃ ምባል ተረፉ፡ ሃብተማርያም ሃብተስላሰ ኣሰፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ተጋ/ኣብርሃጽዮን መንግስቱ ጉብረ፡ ኣደይ ለተብርሃን ረዳ ባይሩ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ተኽለ ኣስገዶም ወልደሚካኤል፡ ኣቦይ ኣስገዶም ወልደሚካኤልን ኣደይ ውዳሰ ናይዝጊን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 11 ወረስቲ ናይ ወላዲና ከምኡ'ውን ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ናይ ኣዴና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ለተኪዳን ኣብርሃም ንጉሰ ምባል ተረፉ፡ ለቲና ኣብርሃም ንጉሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ፡፡

ትርሓስ ዘርኣይ ጉብርህይወት፡ ብዓል ቤተይ ሃብቱ ልጅኣለም ይሕደጎ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ማስቀላ ስብሃቱ ጉብረየሱስ ምባል ተረፉ፡ ማስቀላ ስብሃቱ ጉብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣጥናፍሰገድ ኣብርሃ መብራህቱ፡ ኣዴና ኣወጣሽ ገዛህይ በራኺ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኢሳው መንግስቱ ፍጡር፡ ኣደይ ግደይ ደስበለ ጉብረሚካኤል ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ጺጋ ጉብረሚካኤል መንግስቱ ምባል ተረፉ፡ ቤትኤል ጉብረሚካኤል መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ግደይ ዑቕባዝጊ ዑቕባእንድርያስ፡ ብዓል ቤተይ ጉብራይ ኣብርሃም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይትሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ታደሰ ገዲ ተከኤ፡ ወ/ሮ ሸዊት ኪዳንማርያም ኣብርሃ፡ ወደና ኤዶም ታደሰ ገዲ ስለዝተሰወአ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሄርሞን ተሰፉይ ዑቕባስላሴ፡ ተኸሳሲ ተኽሊት ሰመረ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብርሃለይ ወልደማርያም ግደ፡ ኣደይ ለተኪዳን ሃብተጽዮን ጉብረማስቀል ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ናኣሚ ሚከኤል ሻለ፡ ኣቦና ሚከኤል ሻለ ስለዝዋረረ፡ 2 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣቶ የሴፍ ኣብራሃጽዮስ ተሰፋዝጊ፡ ኣደይ ለተኪዳን ወልደሰሙኤል ሰኢለ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ወረደ ክፍለ ካሕሳይ፡ ተኸሳሲት ብስራት ኢያሱ ኣሰፍሃ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ ዳዊት ሰዩም ጉብረመድህን፡ ኣደይ ወ/ሮ ሮማ ተወልዱ፡ ብዘወት እንክላ ዝዘበትኒ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ተኸሰስቲ ወረ/ኛ/እድሪስ ሳልሕኑር ስቡሓን፡ ብከሳሲት ወ/ሮ ጸገዘና ተስፋዝጊ ብርሃ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ክሪስቶፈር ኣቢብ ግርማይ ምባል ተረፉ፡ ዳናኣብ ኣቢብ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ብፍ/ብ/ማሰል ወ/ሮ ካድራ ዓብደላ ሙሳ፡ ብፍ/ብ/ዕዳ ወ/ሮ ትብርህ ፍቕረየሱስ ተሰፋልደት፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲት ኣድያም ጉብረልኡል፡ ተኸሳሲ ዳኒኤል ኣስገዶም ጉብሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ጸገ ሃብተማርያም ባህታ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ በራኺ ላለኮን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽለሃይማኖት ክፍላይ ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ተኽሊያ ክፍላይ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብርሃለይ ኣለሞ ደሞዝ ምባል ተረፉ፡ ኣብርሃለይ ኣለሞ በዘበህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሰረቐ ሃብተ ወልደኪሮስ፡ ኣደይ ጸገወይኒ ወልደስላሴ ተኽለኪኤል ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መርሃዊት ሰመረ ጎይትኦም ምባል ተረፉ፡ ራሀዋ ሰመረ ጎይትኦም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ዳዊት ተወልደመድህን ተስፉይ፡ ኣቦይ ተወልደመድህን ተስፉይ ካሕሳይን ኣደይ ኤልሳ ቀለታ ህብትዝጊን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሰስቲ ወ/ኛ ንግስቲ ብርሃ ኣርኣያ፡ ወከል ኣለም መሓሪ ግደ፡ ተኸሳሲት ንያት መዝገበ ጉብረሂወት፡ ናይ ምቅሊት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ት/ዕድመ ቶማስ የስኣብ ክፍላይ ምባል ተረፉ፡ ተማስገን የስኣብ ክፍላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ሶፍያ ባይራይ ማስመር፡ ስም ኣደይ ጸገወይኒ ጉርጃ ፍቓዱ ምባል ተረፉ፡ ጸገህይወት ጉርጃ ፍቓዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ህይወት ወልደኣብእዝጊ ምባል ተረፉ፡ ህይወት ወልደእዝጊ ተኽለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ፍረወይኒ ሰመረ ወልዱ ምባል ተረፉ፡ ፍረወይኒ ሰመረ ተሰማ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሰናይት ሃለ ሃብተጼን፡ ብዓል ቤተይ ሃብተም ዑቕባሚካኤል ግደ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሉና ሰመረ ኣብርሃም፡ ተኸሳሲ ሚኪኤል ሰመረ ደበሳይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ትዕበ ኪዳነ ተስፋጊርግስ፡ ወደይ ኣሮን ጠዓመ ተስፉ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ በየነ ጉብሩ ጉብረጊርግስ፡ ኣደይ ተኽኣ ጉብረሚካኤል ተ/መድህን ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤደን ክፍሉ ተስፉይ፡ ብዓል ቤተይ ተስፉማርያም ኣብርሃ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳባ መሓሪ ተስፉስላሴ፡ ኣቦይ መሓሪ ተስፉስላሰ ኣርኣያ ስለዝተሰወአ፡ ንኣዴና ወ/ሮ ኣኸበረት በየነ ጉብረእግዚኣብሄር ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሩታ ጉብረእግዚኣብሄር ተኸሰስቲ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሕረትኣብ ተኽለጊርግስ ዘርኡ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ለተስላሴ ካሕሱ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃየ ወልደጉብርኤል ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምሕረት ኪዳነ፡ ኣደይ ለተጉብርኤል ወልደማርያም እምኑ፡ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብፍርዲ ብዓል ማሰል ንጹህቲ ሰዓዱ፡ ብፍ/ብ/ዕዳ መሓሪ ቀሺ ሚከኤል፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

# ፍቕሪ ጋምባለ ከይወድአ ዝተሰውአ 'ወዲ ቅሉት'

ግርማይ ወልደግዮርጊስ
(መንከኒዮ)

ማእከለ ቀሊታ ኣድላዪኖም፡ "ወዲ 'ወዲ ቅሉት'" ኣብል ክፍለ ሰራዊት 70 ብርጌድ 71 በጦሎኒ 3 - መራሒ ማስርዕ እዩ ነይሩ። ከም ሰብ ቀጢኑ ካብ ንነድኒ ንቑመት ዝሸደ ቅርጺ ስውኑት ዝለበ፡ ብቐረባ ዝፈልጡዎ ድማ፡ ካብ ኩሎም ኣሕዋቱ ከስዐ ኣደ ጉራጉራ ኮይኑ እቲ ዝቐጠነ'ዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር ንቕማትን ቀጢንን ኑብሱ፡ ብቐፃማ ስረን ጋምባለን ገይሩ ምስ ኣማዕረኑ ንኽትእርዮ ባህ ዘብል ቁመና'ዩ ነይሩዎ። "ንወዲ ቅሉት" ብዘይ ጋምባለን ቁምጣ ስረን ክትርእዮ ዘይሕሰብ'ዩ። ብፍላይ ጋምባሉ፡ ከም ምስጢመኻ ዝሀረፍ መግቢ፡ ኣፉ ማይ'ዩ ዝመልኣሉ ነይሩ።

ኒታ ቅያር ዝሰኣላ መብረ ብዘይምርካብ "ደገምሲ ዓብዩ- ኦሪጆ" ንዝበሉት ጋምባሉ ብተደጋጋሚ ክሸቐጥን ከሎግብን ኣብ ዘፈተነሉ፡ መረፍኢ ናይ ጋንታ ደጋጊሙ ብምስኣሩ፡ ክሳብ ብርኪ ኢዱ ተቐሊጡ ደም ዝተፍእ ተቐጺዑ እዩ። ግና "ቶባ ደገም" ኢሉ ፍቕሩ ምስ ጋምባለ ኣይተባተኸን። ብኣንጻሩ "ጋምባለይ ምሳኺ ህላወይ ምሳኺ ሞተይ" ከም ዝበሉ ኩሉ ኣብል ናይቲ ኣሃዱ ዝተገዝኦ'ዩ ነይሩ።

ኣብ ግንባር ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣብ ባዶ እኩብ ዝተባህለ ደፋዕ (ዕርዲ) ኣብ ዝበሩሉ፡ ለይቲ-ለይቲ ንቕድሚት ወርወር ኢሎም፡ ውሑዳትን ምሩጻትን ዝሓደሩሉ ኣብ ኣፍንጫ ጸላኢ ዝተደኮነ "ናኹራ" ዝተባህለ ቦታ ነበረ።

'ወዲ ቅሉት' ሓደ እዋን ብርቱዕ ሕማም ሓሚሙ ነይሩ። ተሓኪሙ ከኣ ሓውዩ። ይኹን'ምበር፡ ከም ሳዕቤን ናይቲ ሕማም፡ ኀርርኡ "ልኽትልኽት" ኩብሎ ጀመረ'ሞ ከይፈተወ "እሕሕ!" ናይ ምባል ባህርያዊ ግብረመልሲ ኣማዕበለ። እዚ ብተደጋጋሚ "እሕሕ!" ናይ ምባል ባህርያት እዚ፡ ምስ ናይ ደፋዕ ኩነት መንበሮ ምቅዳው ሰኣነ። ምሸት ደፋዕ ምስ ሓዙ ኣይተሃንደ ብዑቱ እንተላይ ጸላኢ፡ እታ ኣሃዱ ምህላዋን ዘይምህላዋን በዘ "እሕሕ!" የረጋግጽ ነበረ። ቦታ እንተቐይሩ'ኳ "በዚህ የብረ የወንበዴ ቡድን ወደ እዚህ ቀኖረ" (በዚ ዝበረ. . . በዚ ቀይሩ) ብምባል ይዛረቡ ምንባርም ይፍለጥ።

'ወዲ ቅሉት' ምስ ጸገሙ ብዙሕ ግዜ ናብ ዝኣለዩሉ ቦታ ማለት ደጀን ክኸይድ ተገዲሩዎ "ኣብዚ ምሳኹም ይሰዋእ'ምበር ካብ ደፋዕ ክፍለ ማለት ክሳደይ ንሴፍ" ስለ ዝበለ፡ ከም ባህጉ ክዑበር ሓዲጎሙዎ። ይኹን'ምበር፡ ብሰሪ ጸገሙ ናብታ ከም ጸጸ ብስላሕታ እትውረድን ከም ዱኽዒ ኣብ ባይታ ተሰቲኻ እትሕደርን ንጸላኢ ዳርጋ ምድሪቤቱ ዝኾነት "ናኹራ" ክወርድ ኣይፍቀደን ኣይደለን ነበረ።

'ወዲ ቅሉት' ከም ኣብ ደፋዕ ምህላዉን ከም መራሒ ማስርዕን መጠን፡ ኣብታ ናይ ፈተነ ቦታ፡ ናኹራ፡ ምስኦም ለይቲ-ለይቲ ዝወርዱ ዘይምውራዱ ክስመዖ ምስ ጀመረ፡ ሓደ እዋን "ኒታ ጉጅለ ሐዚየ ዝወርድ ኣነ'የ" ክብል ወሰነ። መራሒ ጋንታኦም፡ "ጭቁን" ግን "ኣይከውንንጾ" ብምባል፡ ኣብ ክንድኡ ልኡል ተኸሊት (ተሓጋጋዚ መራሕ ማስርዕ) ዘለዋ ጉጅለ ከም ዝወርዱ ገበሩ። በዚ ዘይዓገበ ማእከለ "ዋይ ወዲ ቅሉት!" እትብል ልምድቲ መረሳሰዪት ዘረባኡ ኣቕዲሙ፡ "እኸይድ ኣለኹ"



ከይበለ፡ ጸለም ጉልባብ ገይሩ ኣሰር ናይ'ቶም ዝኸዱ ንቑልቁል ተጓዕዘ። ኑዖም ኣብቲ ጸንከር ሓለዋ ዝበሩ ድማ ጸንብር በሎም።

እቶም ኣብ ሓለዋ ዝበሩ ሽሕ'ኳ ኣይተሓሰቡ፡ ዝኑብሩዎ ነገር ከም ዝጸለን ቅኑዕ ባህጉን ተረዲኦም ሓለዋኦም ቀጸሉ። ይኹን'ምበር እታ ናይ "እሕሕ!" ምባል ባህርይ ብውሽጢ ክትደፋፍኦን ጸቕጢ ክትገብረሉን ጀመረት። ንሱ ድማ ንውሽጢ ከስጥማ ህልኽን ቃልሰን ኮነ። ልኡል ተኸሊት ናይ ቀረባ መሳርሕቱን ሕልፊ ዝፋተወን ብዑት ብምንባሮም፡ ናብ እዝኑ ቀርብ ኢሉ፡ "ሓንሳብን ንናይ መውዳእታን ምጥጥ ኣቢልካ 'እሕሕ!' በል ክትዝበርረልካ" ኩብል ምኽሩ ለገሰሉ። ከምቲ "ንዝበኢ ኣፉ እንተዛረምኣዮ ኣግፉሓትኩ'ምበር ኣየጸብብኩሉን" ዝበሃል፡ ንወዲ ቅሉት ድማ ተመሳሰሊ ኮይኑዎ፡ ከምታ ዝበሎ ስሒቡን መጠጡን "እሕሕ! ሕሕ. .!" በሉ። ድሕሪ'ዚ ካብ ቦታ ጸላኢ፡ ጓህሪ ዝመስል ጠያይቲ ከም ማይ ኑሓሰ ናብኦቶም ገጹ ፈሰሰ።

እቲ ዝዓረዱሉ ቦታ ኑበሰኻ ኣመሳሰልካ እትሓደሮ'ምበር፡ ንብርር መከላኸሊ ደፋዕ ዘይስርሓሉ ብምንባሩ፡ እቲ መሸምጣ ጠያይቲ ገለን ብኣእዛናም ንህቢ ክጥዕም "ዚዝ" እናበለ ክሓልፍ ከሎ፡ ገለ ድማ ኣብ ቅድሚኦምን ድሕሪኦምን ምድሪ ክኹዕት ምስ ተዓዘበ፡ ልኡል ናብታ ብልምዲ ዝፈልጣ ዝተመሳቐለ ኣእማን ዝርከብ በዓቲ መሰል "ያላ ንዑናይ" ክብል መሪሑዎም ተሓምበቡ። ወዲ ቅሉት ድማ ኣሰር መቓልስቱ ሐዚ፡ እተን ብእርጋን ዝኣክል ክድርበያ እምበር ክትወድየን ዘሰከፉ ጋምባሉኡ ኣብ እግሩ ዕንክልል እናበላ ሰጻም - ካልኦት'ውን ከምኡ።

ናብታ ዝሓሰቡዋ ቦታ ምስ በጽሑ፡ መሸምጣ ጠያይት ካብ ካሽን ናብ ደኾባ ሰጊሩ፡ ኒታ ዝተዓቕብላ ቦታ'ውን ክበናቐራ ጀመረ። ብቐንዱ ድማ፡ እቲ ቦታ ሐዳ ዝበረከቱ፡ ቦታ ኣዛሒት ብምንባሩ ጥራይ ዘይኮነ ወርሒ'ውን ፋኑስ ክትመስል ተኸሊያ ብምንባራ፡ ተኩርካ ምንቅስቓስ ንምርኣይ ዘጸግም ኣይነበረን። ስለዝኾነ ጸዕቂ ተኸሲ ተወር ምባል ከልኦም። እቲ ቦታ፡ ካብ ቀንዲ ደፋዕ ብዙሕ ዘይርሓቐ ብምንባሩ፡ እንኮ ምርጫ፡ ዝገበርካ ገይርካ ናብ ቦታኻ (ደፋዕካ) ምምላስ ነበረ። ስለዚ "ያላ" ተበሃሂሎም - ናብ ደፋዕ ጉያ ጀመሩ። እንተኾነ ቅድሚኦም፡ ቁመቱ ክንዲ መጋሓጢ ባዬላ ዝኸውን ተመን- ካብቲ ኑቲ በዓቲ ኣሰናኑ ዘጉርፍ ዝበረ ቶኽሲ ደኾባ ንምግልጋልዩ ዝመስል፡ ንሱ'ውን ርእሱ ኣቐኒዑ ቅድሚ ቅድሚኦም ናብ ደፋዕ ገጹ ክጎዩ ጀመረ።

እቲ መራሒ ዝኾነ ዝበረ ልኡል፡ "ወዲ ቅሉት እንታይ'ዩ ዝርኢ ዘሎኹ ተመን ቀቅድመና ይጎዩ'ሎ" ክብል ሰጉሙ ካብ ዝቐደመ ኣፍንሱ ኣብሉ ሓበሮ። 'ወዲ ቅሉት' ተመን ኣዝዩ ዝፈርህን ዝጸልእን ምኻኑ ፍሉጥ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ "ኩሉ ሞት'ዩ" ግዲ ኢሉ "ግደፎ! ቅዱስ ሚካኤል'ዩ ዝኸውን፡ ሰቕ ኢልካ ጥራይ ሰዓብ" በለ ንሱ'ውን እናጎየዩ። እንተኾነ እቲ ተመን ቅድሚኦም ብቐጻሊ ደፋዕ ገጹ ሓኺሩ ኣብቲ ኣኻውሕ ተሰትዩ ተሰወረ። እዞም ብዑት ድማ ኣሰሩ ተኸቲሎም ደፋዕ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ኣተዉ።

እቶም ኣብ ደፋዕ ኮይኖም "እንታይ ተረኽበ ኢሎም" ኣብ ተጠንቀቕን ሻቕሎትን ዝበሩ ብዑት፡ ምስ ተጸንበሩዎም ክንዮ ሓጎስ "ጠንቁ እንታይ ክኸውን ይኽእል" ንምፍላጥ ሓተቱዎም።

"ቅድመና ወኻርያ ድያ ሰኑሓ ገልጠምጠም ስለዝበለት፡ ካብ ስግኣት ዝቐለ'ዩ ጸላኢ ተኩሲልና" ክብሉ ጉልበቡን ሓጺርን መልሲ ሂቦም ተገላገሉ። ካብዚ ንደሓር 'ወዲ ቅሉት' ንቕድሚት ናይ ምኻድ ባህጉ በረድ ኣፍሰሰሉ።

ድሕሪ "ውቃው እዝ" ምድምሳሱ ማለት ኣብ 1985 መራሒ ሓይሎም "ወዲ ዲጎል" ንትምህርቲ ከይዱ ብምንባሩ፡ ግዝያዊ መራሒ ሓይሊ፡ መራሕ ጋንታ ናይ ብዓል ወዲ ቅሉት ጭቁን ኮነ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ህዝባዊ ግንባር ባዕሉ ደዩ ሰራሑዎ ወይስ ኣሰራሑዎ ወይውን ዝኣዎ ዘይፍለጥ፡ ሰለስተ ሓያስቲ ጋምባለ መጺኣን ናብ ሓይሊ ማለት ሓንቲ ጋምባለ ንጋንታ ተኸፋፈላ። ኣብዘን ካልኦት ክልተ ጋንታ ብዕጫ ተዓደላ። ኣብ ጋንታ ወዲ ቅሉት ግን ሓደሽ ጋምባለ ኣይተራእየን።

እተን ክልተ ጋንታታት ንደፋዕ ክኸዳ እንከለዋ፡ ብኣፍደገ ጋንታ ናይ ብዓል ወዲ ቅሉት እየን ዝሓልፋ ዝበራ። ኣብዚ ኢጋጣሚ እዚ፡ ልኡል ሓያስቲ ጋምባለ ዝበሩ ብዑት ተዓዚበ'ሞ፡ ምሐር ባህጊ ጋምባለ ናይ 'ወዲ ቅሉት' ቅጅል ኢሉዎ፡ ኑዖም ሰብ ጋምባለ ሓተቶም። ንሳቶም ድማ ብግዝያዊ መራሒ ሓይሊ ማለት "ጭቁን" ከም ዝተዓደሎም ሓበሩዎ። ልኡል ውዑይ ብምንባሩ፡ ግዜ ከይወሰደ ናብ ጭቁን ከይዱ፡ "ንጋንታና ጋምባለ ኣይዕደላን ደዩ" ክብል ሓተቶ።

ጭቁን ከኣ፡ "እተን ክልተ ብዕጫ'የን ተዓዲለን፡ እታ ሓንቲ ከኣ ዋኢ. . " ኢሉ ባዕሉ ኣብ እግሩ ከም ካልሲ ከም ዝወደያ ብምልክት ገለጸሉ። ልኡል፡ እቲ ግዝያዊ መራሒ ሓይሊ "ጭቁን" ዘይኮነ ወዲ ቅሉት ምሐር ፍቕሪ ጋምባለ ከም ዘይብሉ ይፈልጥ'ዩ። ስለዚ ክንዑበሮ ዝሓሰቦ ሓሳብ ሽዑ ንሽዑ ቅጅል በሎ'ሞ፡ ብዘይ ዘረባ ጉዲፉዎ ከደ። ንጽባሒቱ ኣብታ ጭቁን ክድቅሰላ ዝበሀጋ ዝሕልሕል እትብል በዓቲ፡ መንጸፍ ኣንጺፉ ንጭቁን ኣብኡ ምስኡ ንክድቅስ ቦታ ደሊዉ ምህላዉ ሓበሮ። ጭቁን ድማ ንስለ ተጉዳሰኡ፡ መጉሰ፡ እግሩ ከም ኣጣምራ ሰራው ሓደ ኣብ ልዕሊ ሓደ ኣተኣሳሲሩ ልዋም ድቃስ ደቀሰ። ልኡል "ጭቁን" ልቡ ኣውዲቑ ደቂሱ ምህላዉ ምስ ኣረጋገጸ፡ ነተን ዝተመሳቐላ ኣእጋሩ ኣፈናቲቱ ነተን ጋምባለ ብስላሕታ ወሰደን።

"ጭቁን" ድቃሱ ወዲኡን ተበራቢሩን ምንቅስቓስ ምስ ጀመረ፡ ፈለማ ልምዲ ናይ ጋምባለ ስለዘይነበሮ



ኣየስተብሃለለን። ድሓር ግን ጋምባለ ዝገበሩ ምስ ረኣየ ኣመት ኑበሱ ገበረ። እግሩ ግርማኡ ዝተቐንጠጠ ኮይኑ ምስ ተሰምዖ፡ እታ ብቐጻበት ኣብ ርእሱ ዝመጸኣት ሓሳብ ንኽተግብር "ኣበይ ኣሎ ልኡል" ክብል ሓተተ።

ብዑት "ጆሪትን ሐዚ ማይ ከምጽእ'የ ኢሉ ንሩባ ወሪዱ" ክብሉ ሓበሩዎ። ልኡል ንኸሰወር እምበር ማይ ከምጽእ ከም ዘይኮነ ተገንዚበ'ሞ፡ ንምልክት ሓይሊ ንጾሃእ (ኣስቴር) "በዚ ኣ ክሓልፍ እንከሎ ንገረ፡ ዚ ወዲ ሰበይቲ ዝዑብሮ ኣሎ" በለ ከም ንውላዱ ዝፍክረሉ ዘሎ ወላዲ።

ልኡል ማይ ተሰኪሙ ክመጽእ ዝረኣዩ ጆኑ ብቋንቋ ጸሙማን ገይሩ ቀልጢፉ ንክሓልፍ ሓበሮ። ከምታ ዝበሎ ገይሩ ጆሪቱ ኣራጊፉ ናብ ጎቦታት ገጹ ከዕዝር እንከሎ፡ ጆን ከምታ ዝተባህላ "ልኡል ሓሊፉ" ክብል ንጭቁን ሓበሮ። ጭቁን ካብ ኣንደር ግራውንድ ወጺኡ ኢሉ እንተርኣየ፡ ድሮ ጎቦ ደይቡ ብግዕዶ ንሓድሕዶም ተዓዘቡ። ካብዚ ንደሓር ጭቁን ምስ ልኡል ክተሃላለኽ ኣይደለየን ሓደጉ።

'ወዲ ቅሉት' ዝዘን ጋምባለ ካብ ዝረኣየለን ሰዓት ጀሚሩ፡ ንልኡል ኣብ ብርኩ ተደፊኡ "በጃኻ ልኡል ሓወይ በዘን ኣረገውቲ ጋምባለ ተዋረድ፡ ዝኾነ ኣብል ጋንታና ዘይትገሕፈን ሓደ ኣፊቱ ካልሲ ሰፈኻ ጋምባለ ስራሕ" እናበሉ ብጭርቃን ልበይ ኣጥፊኦሙለይ፡ ኣነ ከኣ ከይድርብየን ኑበሰይ ምግባር ኣብዩኒ" እናበለ፡ ንኣንጭዋ ክንብጥ ከም ዝደናደን ድሙ ኣዒንቱ ኣተኩሩ ናብዘን ሓያስቲ ጋምባለ ተኸለ።

ልኡል ብቐደሙ'ውን ነተን ጋምባለ ንወዲ ቅሉት ኢሉ'ዩ'ምበር ንሱ ባህጊ ኣይነበሮን። የጉዳስ ናይ ነገራጭርቃንን ዋዛ ገድልን (ምርስዓን) ከይጎደሎ፡ "በል ስማዕ! እዘን ጋምባለ ካብ ጭቁን ዳርጋ ብውግእ'የ ወሲደየን ትፈልጥ ኢኻ! ፍቕሪ ጋምባለ ከተወጽእ ምእንቲ ግን፡ ብዘዴያዊ ሓልዮት ንኣልስቲ ክህበካ'የ ድሕሪኡ ግን ክትመልሰለይ ኢኻ" ክብል ብውሽጡ እናሰሓቐ ገጹ ኣዕቲቡ ተዛረቦ።

ወዲ ቅሉት "ኣንታ ብጻይ ልኡል፡ ሕጻናት'ኳ ንኣልስቲ ዘይሃቡ እኳ እንተውሓደ ሰሙን ዘይትግበረለይ፡ ድሓር ከኣ ጭርሖና ካብ ንኣይ ንብጻየይ'ዶ' ኣይሃቡን" ክብል ተመጺደቐ።

ልኡል ትዋሕ ኢሉ ንኽስሕቕ ውሽጡ ንዘደፋፍኦ ብሓይሊ ዓጊቱ፡ "ውድብና ኣብኡዩም መሰረታውያንን ኣገደስትን እምበር፡ ንጋምባለ ከምኡ ኣይመሃረትናን፡ ጥራይ ዝገርኩኻ ውዕል ተኸበር" ኢሉ ነተን ጋምባለ ፍትሕ ፍትሕ ኣበሉ ሃቦ። ከም ብሉጽ ሸልማት ዝወሰደ ተመሃራይ፡ ሽዑ ንሽዑ ገጽ ወዲ ቅሉት ከም ፋኑስ ክኽሉዕ ጀመረ። ይኹን'ምበር ወዲ ቅሉት፡ ምስ ልኡል ዝኸተሞ ውዕል ሳልስቲ ስለዘኾቕሰና፡ ነተን ማዕረኡ ዝተጋደላ ጋምባለ ክድርብየን ኣይመረጸን፡ ሕማቕ ኣሎ ጸቡቕ ኣብ ውሑስ ቦታ ኣቐመጠን።

**ይቕጽል . . .**

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ትምህርትን ውጽኢቱን

### ኣብ ትምህርቲ ንፋዓት ዲና፧

“ትምህርቲ ንፋዕ ዲኻ/ኺ፧” ዝብል ሕቶ ካብተን ንተመሃሮ እንሓቶም ነጥቢ ዘይወሃበን ሕቶታት ሓንቲ እያ። ሕማቕ ተመሃራይ ክበሃል ዝደሊ ስለ ዘየለ ከኣ ኩሉ ቈልዓ ኣብ ትምህርቲ ንፋዕ ከም ዝኾነ'ዩ ዝነግር። “ብልጫ ትወስድ ዲኻ፧’ ትብል ሕቶ ከኣ ተኸቲላታ ትመጽእ። በዚ ምኽንያት፡ ካብ ንኣሽቱና ጀምሪርና ‘ምንፋዕን ብልጫ ምውሳድን ካባና ዝሕተተ እዩ’ ኢልና ክንሓስብ ንጅምርን ንጽዕረሉን። መዐቀኒ መንፍዓት ኣብ ትምህርቲ ግን እንታይ እዩ፧ ንፋዕ ተመሃራይ ከመይ ዝበለ እዩ፧ ሕማቕ ተመሃራይ ዝበሃልከ ኣሎ ድዩ፧ መንፍዓት ክትዕቅኖ ይከኣልዶ፧ ኣብ ዓውዲ ስነ ኣእምሮ፡ ሓደ ካብቲ በዳሂ ዝኾነ ኩነት፡ መንፍዓት፡ ብልሒ፡ ብቕዓት፡ ክእለት፡ ወዘተ ዝብል ረቂቕ (ዘይተጨባጢ) ጸጋታት ደቂ ሰብ ክትዕቅነሉ እትኽእል መስፈሪ ክርከብ ዘይምኽኣሉ እዩ። ሰብ ክብደት ሰብነቱ ከም ዝጉደለ ብዓይንኻ ርእይካ ክትመዝን ኣጸጋሚ ኣይኮነን። ብቕዓት ተመሃሮና ይጉድል ወይ ይውስኽ ከም ዘሎ ክንፈልጠሉ እንኽእል ኣገባብ ግን ዝተራቐቐ መስርሕ ወይ ኣገባብ ይሓትት።

ሰብ ካብ እንስሳ ዝፈልዮ ዝዓበየ ረቛሒ ክመሃር ናይ ምኽኣል ብቕዓቱ እዩ። ብኸመይ ንመሃር፡ ዝተመሃርናዮ ማዕረ ክንደይ ይጸልወና፡ ክንደይ ካብ ዝተመሃርናዮ ንዝክርን ካልእን፡ ብመንጽር ዘሎና ኣእምሮኣዊ ብልሕን ኣከባብያዊ ጽልዋን ክፈላለ ይኽእል እዩ። ገለ ተመሃሮ ልዑል ዓቐን ብልሒ እንክለዎም ብሰንኪ ማሕበረ ቍጠባዊ ጸገም ኣብ ትምህርቲ ትሑት ውጽኢት ከመዝግቡ ይረኣዩ። ገለ ከኣ ብዘይካ'ቲ ዝወስድዎ ስሩዕ ትምህርቲ፡ ብተወሳኺ ትምህርትን ናይ ገዛ መምህርን ሓገዝ እናረኸቡ፡ ብሰንኪ ልዑል ትጽቢት ወለዲ ዘበገሶ ጸቕጢ፡ ተወዳዳሪ ውጽኢት ከመዝግቡ ይጽገሙ። ምኽንያት ዘይብሉ ትሑት ውጽኢት ዘምጽእ ተመሃራይ ኣሎ ክበሃል ግን ኣይከኣልን። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ'ዩ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ዝሰርሑ መምህራን፡ “ሕማቕ ተመሃራይ የለን፡” ክብሉ እንሰምዕ።


ውጽኢት ትምህርቲ ዝጸሉ ረቛሒታት ብርክት ዝበለ እዩ፣ ጥዕና ኣካልን ኣኣምሮን፡ ዕድላት ትምህርቲ፡ ባህሪ ወይ ስነ ምግባር ተመሃሮ፡ ወለዲ፡ መምህራን፡ ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል። ይኹን እምበር ምስዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ብድሆታት እናነበሩ፡ ተቓሊሶም ኣብ ትምህርቲ ዝለዓለ ውጽኢት ዘመዝገቡ ተመሃሮ ኣለዉ። ኣብ ሃገርና ዕድላት ትምህርቲ ንምስፋሕ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምሕያል፡ ብኹለትናኣም ብቑዓት ዝኾኑ ዜጋታት ንምምልማል፡ ብቐዳምነት ይሰራሓሉ ከም ዘሎ ኩሉና እንግንዘቦ ሓቂ እዩ። ደቅና ወይ ተመሃሮና፡ ካብ ብድሆ ነጻ ዝኾነ ህይወት ክነብሩ'ኳ ምንዮትና እንተኾነ፡ ክውንነታዊ እዩ ክበሃል ግን የጸግም። ካብ ብድሆ ክቐስምዎ ዘሎዎም ትምህርትን ተመኩሮን ስለ ዘሎ'ውን ካብ ብድሆ ብዙሕ እንተ ዘይኣለናዮም ይምረጽ። ስለዚ፡ ተመሃሮና ብብድሆታት ከይተዓገቱ፡ ኣብ ትምህርቲ ልዑል ውጽኢት ክምጽኡ እንታይ እንተ ገበርና ይሓይሽ፧

ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ልዑል ውጽኢት ከምጽኡ ዝሕግዝ ዝተባህለን ዝተጻሕፈን ቈጺርካ ኣይውዳእን እዩ። ክሳዕ ሎሚ ግን ብውጽኢት ተመሃሮና ሻቕሎትና ኣይዓረፈን። ብሕጂ’ውን ሻቕሎትና ዝዓርፍ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ፡ ብቕዓት ኣብ ትምህርቲ መስርሕ እምበር ክብጻሕ ዝኽእል ደረጃ ኣይኮነን። ዝያዳ ዝተሻቐልናን መፍትሒ ዝደለናን ከኣ ዝያዳ ብቕዓት ኣብ ትምህርትና ክብርኽ ይሕግዝ። ውጽኢት ትምህርቲ ብመንጽር ዝቐሰምናዮ ፍልጠት፡ ክእለትን ናይ ባህሪ ለውጥን እዩ ዝዕቀን። ፍልጠት፡ ክእለትን ናይ ባህሪ ለውጥን ከኣ ምስ ግዜን ኩነታትን ይቀያየር እዩ። ስለዚ፡ ኣብዚ ቅልጡፍ ምቅይያር ዘርኢ ዘሎ ዘመን፡ ተመሃሮና ከይሰልከዩም ክመሃሩን ክዓብዩ እንተ ኮይኖም እንታይ የድልዮም፧

ውጽኢት ትምህርቲ ንምብራኽ ተመሃሮና ትርጉምን ኣገዳስነት ትምህርቲ ብቐዳምነት ክርድኡ የድሊ። ኣገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ግዜን ኩነታትን ተቐይሩ ወይ ጉዲሉ ኣይፈልጥን እዩ። ዝያዳ'ኳ ኣገዳስነቱ እናዓበየ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ተመሃሮና ካብ ድሩት መረዳእታ ዝተበገሰ፡ ትምህርቲ ከም ዘየድልን ነፊዕካን ሓሚቕካን ፋይዳ ከም ዘይብሉን ዘኣንፍት ዘረባታት ብብዝሒ ክዛረቡ ንሰምዕ ኣለና። ናይዚ፡ ብቐረባ ሓላፍነት እንስከም ከኣ ወለድን መምህራንን ኢና። ወላድን መምህርን ቀዳማይ ሞዴል ተመሃራይ እዮ። ንሕና እንብሎን እንገብሮን ንተመሃሮና ብቐጥታት እዩ ዝጸልዎም። ንሕና ሳላ እናሓጎታትና፡ ኣቦሓጎታትና፡ ወለድናን ካልእ ቅድሚና ዝነበረ ወለዶን ዘጽንሓልና መረዳእታን ቃልስን ኢና ናይ ትምህርቲ ዕድል ረኺብና፡ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ዘለና። ስለዚ፡ ኣብ ትምህርቲ ዘሎና መረዳእታ ክነሐይልን ናብ መጻኢ ወለዶ ክነሰጋግርን ዜግነታዊ ሓላፍነትና ምኳኑ ዘይምዝንጋዕ።

ከም ካልኣይን መሰረታውን ረቛሒ ክጥቀስ ዝኽእል ነጥቢ፡ ብቕዓት ተመሃሮና ዝፍትሽን ዝምጥንን ስርዓተ ትምህርቲ ምህላው እዩ። ካብቲ ካልእ ዓይነታት ትምህርቲ ዝበዝሐ ፍልጠት፡ ክእለትን ናይ ባህሪ ለውጢ እንቐስመሉ ባይታ፡ እቲ ‘ስሩዕ ትምህርቲ’ እንብሎ እዩ። ንኹሉ ተመሃራይ ዝምጥንን ብቕዓቱ ዝፍትሽን ስርዓተ ትምህርቲ ከተማዕብል በዳሂ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ሃገርና ጽቡቕ መወከሲታት ኣሎና። ንኣብነት፡ ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ፡ ተመሃራይ ዘማእከለ ስርዓተ ትምህርቲ፡ ምስፋሕን ምሕያልን ቅድመ ትምህርትን ካልእን ክጥቀስ ይከኣል። ምዕባለ ሃገራት ብመንጽር ዘሎወን ምሁር ዓቕሚ ሰብ ስለዝልካዕ፡ ዘሎ ጻዕርታት ክቕጽልን ክሕይልን ምኳኑ ኣየጠራጥርን።

እቲ ሳልሳይን ኣገዳስን ረቛሒ፡ ተመሃሮና ፍቕሪ ፍልጠት ወይ ትምህርቲ ከም ዝህልዎም ገይርካ ምኹስኳስ እዩ። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዝመሃሩ ተመሃሮ ኣስተብሂልናሎም እንተ'ለና፡ ናብ ቤት ትምህርቶም ክኸዱ ወትሩ ምስ ተሃንጠዩ እዮም፣ ንመምህራኖም ኣዝዮም ዘኽብሩን ዝሰምዑን እዮም፣ “ኣጽንዑ ወይ ዕዮ ገዛ ስርሑ” ኣይበሃሉን እዮም፣ ገዛኦም ክኣትዉን ናብ ዕዮ ገዛ ምስራሕ እዮም ዝጓየዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝሕልፍዎ ግዜ ኣዝዮም እዮም ዘፍቅርዎ። ብእኡ መንጽር ከኣ፥ ኣእምሮኦም ክፉት እዩ፣ ናይ ምዝካር ክእለቶም ልዑል እዩ፣ ኩሉ ክፍልጡ ህንጡያት ስለዝኾኑ ከኣ ወትሩ ምስ ሓተቱ እዮም። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዘዕበይዎ ፍቕሪ ትምህርቲ፡ ኣብ መባእታ ደረጃ ልዑል ውጽኢት ክምጽኡ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣሎዎ። ድሕሪኡ ዝቕጽል ተመኩሮ ተመሃሮና ግን እናተቐየረ እዩ ዝኸይድ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ውጽኢት ተመሃሮና ክብን ለጠቐን ክብል ንርእዮ። እቶም ፍቕሪ ፍልጠት፡ ትምህርትን ብድሆን ዘሎዎም ተመሃሮ ውጽኢቶም እናበረኸ፡ እቶም ጽልኣት ትምህርቲ ዘዕበዩ ከኣ ውጽኢቶም እንጉደለ ክሳብ ትምህርቲ ምሕዳግ ክበጽሑ ንርእዮም። ፍቕሪ ፍልጠት፡ ኣብ ውጽኢት ትምህርቲ ደቅና እወታዊ ጽልዋ ካብ ሃለዎ እምበኣር፡ “ትምህርቲ ንፋዕ ዲኻ፧” ዝብል ሕቶ ገዲፍና፡ “ትምህርቲ ትፈቱ ዲኻ፧” ኢልና ምሕታት ይበልጽ። ምኽንያቱ፡ ተመሃሮ፡ ‘ካባና ዝሕተት ትምህርቲ ምፍታው እዩ፡’ ኢሎም ክሓስቡን ክሰርሑሉን ክሕግዞም ስለ ዝኽእል።



## ልዑል ብቕዓት ተመሃሮ ናይ ምንታይ ውጽኢት እዩ፧

ልዑል ብቕዓት ኣብ ትምህርቲ ምስ ደጋዊ ጽልዋ ኢና እነተሓሕዞ፣ ዝሓሸ ቤት ትምህርቲ፡ መምህር፡ ገዛውቲ፡ ዓርከ መሓዛ፡ ተወሳኺ ትምህርታዊ ሓገዝ፡ ወዘተ። እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ነጥብታት ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ጽልዋ እኳ እንተ ሃለዎ፡ ተለጣፊ’ዩ እምበር ቀንዲ ረቛሒ ኣይኮነን። ብቕዓት ተመሃሮ ብቐንዱ ውጽኢት ባህርያቶም እዩ። ገለ ካብ እወታዊ ጽልዋ ዘሕድር ባህርያት፥

- **ናይ ምፍላጥ ህንጡይነት፥** መለለይ ንፋዕ ተመሃራይ ‘ሕቶ ምሕታት’ እዩ። ብቕዓት ዘሎዎም ተመሃሮ ክፈልጡ ልዑል ህንጡይነት ስለ ዘሎዎም ወትሩ ምስ ሓተቱን ተመራመሩን እዮም።

- **ውልቃዊ ዕጋበት፥** ንፋዕ ተመሃራይ ካልእ ሰብ ስለ ዝበሎ ወይ ሰብ ንኽርእዮ ኢሉ ኣይነፍዕን። ዝወስዶ ተበግሶ፡ ነብሱ ንምዕባይን ንምዕጋብን እዩ። ውሽጣዊ ድርኺቱ ንደጋዊ ጽልዋ ክጻወር ዝኽእል መከላኸሊ ክሃንጽ ከኣ ይሕግዞ።

- **ተወዳዳርነት፥** ኣካዳምያዊ ብቕዓት ዘሎዎ ተመሃራይ፡ ንውልቃዊ ዕጋበት ደኣ ይጽዓር እምበር፡ ዝኾነ ሰብ ክሓልፎ ኣይደልን። ስለዚ፡ ናይ ምውድዳር መንፈስ ኣሎዎ። እዚ ናይ ምውድዳር መንፈስ ወትሩ ክጽዕርን ክዓብን ከኣ ሓጋዚ ተራ ይጻወት።

- **ክፉት ኣእምሮን ልዑል ናይ ምዝካር ክእለትን፥** ንፋዕ ተመሃራይ ናይ ምፍላጥ ህንጥዩነት ስለ ዘሎዎ ክፉት ኣእምሮ ንትምህረቲ ክህሉዎ ይሕግዞ። ብኽፉት ኣእምሮና ዝተመሃርናዮ ትምህርቲ ኣብ ኣእምሮና ክሰርጽን ክንዝክሮን ልዑል ተኽእሎ ኣሎዎ። ስለዚ፡ ንፋዕ ተመሃራይ ልዑል ናይ ምዝካር ክእለት ይውንን።

- **ስነ ምግባርን ርእሰ ምልክንን፥** ኣብ ትምህርቲ ልዑል ውጽኢት ከነመዝግብ ሓያል መስዋእቲ ክንገብር የድልየና። ምስ ዓርከ መሓዛና ክንዘናጋዕ እናደለና፡ ክንድቅስ ወይ ከነዕርፍ እናበሃገና፡ ስራሕና ክሳዕ እንውድእ ክንቅጽል ነብስና ምድፋእ የድሊ። ናይ ሓጺር ግዜ ባህግታት ዓምጺጽና ብናይ ነዊሕ ግዜ ውጽኢት ነብስና ከነደዓዕስ ልዑል ክእለት ይሓትት። ንነዚ ዘኽእል ከኣ ስነ ምግባርን ርእሰ ምልክን እዩ።

- **ነብሰ ምፍላጥን ዕላማን፥** ንፋዕ ተመሃራይ፡ ሓያልን ድኹም ጉድኑ ዘለሊ እዩ። በቲ ዘሎዎ ሓያል ጉድኒ ርእሱ ምትኣምማኑ የበርኽ፣ ነቲ ዘሎዎ ድኹም ጉድኒ ኣብ ምሕያል ከኣ ብዕላማ ይሰርሕ። እንታይ ይደልን ንዝደልዮ ክረክብ ክገብሮ ዘሎዎ ጻዕርን ብግቡእ ይርዳእ። ንጹር ዕላማ ስለ ዘሎዎ ክደናገር ወይ ካብ ዕላማኡ ክዝንብል ብዙሕ ኣይረአን።

- **ምሕደራ ጸጋታት፥** ንፋዕ ተመሃራይ ንኹሉ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ነገር ከም ጸጋኡ እዩ ዝርእዮ። ብፍላይ ‘ግዜ’ እቲ ዝኸበረ ጸጋኡ እዩ። ኣብ ዘይጠቅም ወይ ምስ ትምህርቲ ዘይተሓሓዝ ከጥፍኦ ኣይደልን። ካብኡ ዝነፍዑ ወይ መወዳድርቱ ተመሃሮ፡ ዓበይቲ ኣሕዋት፡ ደዊ ገዛውቲ፡ መምህራን፡ መጽሓፍቲ፡ ኢንተርነት፡ ወዘተ ከም ጸጋ ስለ ዝርእዮም ኣብ ዕብየቱ ክጥቀመሎም ይፍትን።

- **እወታዊ ኣተሓሳስባን ረዓምነትን፥** ንፋዕ ተመሃራይ ብዛዕባ ብድሆ ዘይኮነ ብዛዕባ መፍትሒ እዩ ዝዛረብ። ኩሉ ክፍታሕ ከም ዝኽእል ይኣምን። ዋላ እንተ ፈሸለ ካልእ መገዲ ከም ዘሎ ኣይጠራጠርን። መፍትሒ ክሳዕ ዝርከብ ከኣ ካብ ምፍታን ኣይዓርፍን። ንፋዕ ተመሃራይ ዝያዳ ብድሆ ዝረኸበ ዝያዳ ይነፍዕ።

ትምህርቲ ክንዮ ምድላብ ፍልጠትን ክእለትን ሓሊፉ፡ እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ባህርያት ከነዕቢ ምስ ዝሕግዘና፡ እቲ ዝለዓለ ውጽኢት ትምህርቲ ኣመዝጊብና ኣለና ክንብል ንደፍር። ነዚ ባህርያት ከይወነነ፡ ብሉጽ ውጽኢት ከመዝግብ ዝኽእል ተመሃራይ የለን። ስለዚ፡ ኣብ ኣካዳሚ ልዑል ነጥቢ ዘሎዎ ተመሃራይ፡ እዚ ባህርያት ከም ዘሎዎ ክንርዳእ ንኽእል።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ዋንጫ ሰማእታት

ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ኣብ መንን 15 ናይ ካልኣይ ዲቪዥዮን ጋንታታት ከምኡ ድማ፡ ንክልተ ዓመት ስልጠና ክቕስሙ ዝጸንሑ ተጻወትቲ ትሕቲ 17 ዓመት ('ታለንት ዞባ ማእከል') ውድድራት ዋንጫ ሰማእታት የካይድ ኣሎ።

ኣብዚ ብውድድራት ኣውዲቕካ ምሕላፍ ዝካየድ ዘሎ ግጥማት፡ ብቐድሚ ትማሊ ክልተ ግጥማት ተሰላሲሉ። ፈለማ ናብ ሜዳ ዝወረዱ ኸኣ፡ ኣኽርያን ጉዳይፍን ነይሮም። ኣኽርያ ኣብ መበል 83 ደቒቕ ካብ ብርሃ ነጋሲ ሽቶ ብምርካብ መሪሕነት ሒዛ ነይራ፤ ይኹን እምበር ጉዳይፍ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ካብ ፊልሞን ጺጋይ ሽቶ ብምርካብ፡ 1-ብ1 ተፈላሊዮም።

ቀጺለን ጋንታታት ታለንት ዞባ ማእከል ምስ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ጸወታአን ኣካይደን። ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ኣብ መበል 31 ደቒቕ ካብ ደጀን ክብረኣብ ሽቶ ብምርካብ ናብ ዕረፍቲ ብመሪሕነት ዛዚማቶ። ድሕሪ ዕረፍቲ ታለንት ዞባ ማእከል ብውሕሉል ኣጸዋውታ ነቲ ግጥም ብምቁጽጻር ናብ ረብሓኦም ክቕይሩዎ ተራእዮም። ኣብ መበል 51ን 73ን ደቒቕ፡ ካብ ኒምሮድ ሓይልኣብን የማን ኣብን ሽቶ ስለ ዘመዝገቡ 2-ብ1 ተዓዊቶም። ጉዳይፍን ታለንት ዞባ ማእከልን ድማ፡ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሰጊሮም።

## ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ስልጠና ዳንነት ኩዕሶ መርበብ ወዲቡ

መኮንን ሓብሬታን ገናዘበን ሚኒስትሪ ምክልኻል ምስ ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኤርትራ ብምውህሃድ፡ መባእታ ስልጠና ዳንነት ኩዕሶ መርበብ ሂቡ።


ኣብዚ ብክልሰ ሓሳብን ግብርን ዝተሰነየ ስልጠና 18 ደቒ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 37 ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ስልጠና ቀሲሞም።

እዚ ካብ 28 ግንቦት ክሳዕ 5 ሰነ ዝተወሃበ ስልጠና፡ 50 ሚእታዊት ካብ ሰልጠንቲ ደቒ-ኣንስትዮ ብምንባር ብእወታ ተገምጊሙ።

## ዖማር ኣርታን፡ ሓድሽ ዕድል ይኽፈተሉ

ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ክዳንይ ዝተረቖሐ'ሞ፡ ናብ ኣመራጺ ንኸይኣቱ ዝተኸልከለ ሶማላዊ ዳኛ ዖማር ኣርታን፡ ካብ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ሓዲሽ ናይ ስራሕ ዕድል ተኸፊቱሉ።

'ዩኤፋ' ዖማር ኣርታን ናይ ፍጻመ ጸወታ 'ሱፐር ካፕ ኤውሮጳ 2026' ክዳንይ ከም ዝመዘዞ ሓቢሩ ደርኪቡ። እዚ ኣብ መንን ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ዕወትቲ ዝኾኑት ፒኤስጂን ዕወትቲ ሊግ ኤውሮጳ ዝኾኑት ኣስቶን ቪላን ዝካየድ ውድድር ሱፐር ካፕ፡ 12 ነሓሰ ኣብ ሳልስበርግ ኣውስትርያ ክካየድ'ዩ።



ዩኤፋ ምስ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ) ድሕሪ ዝገበሮ ዘርርብ ኣብዚ ውሳኔ ከም ዝበጽሐ ኣፍሊጡ። ፕረዚደንት ዩኤፋ ኣሌክሳንደር ሰፈሪ "ዖማር ኣርታን ብሉጽ መንእሰይን ምኩር ዳኛን'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ናይ ካፍ ውድድራት ብምስታፍ ክእ ብቕዓቱ ኣመስኪሩ'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ "ኩዕሶ እግሪ ሰባት ክተኣሳሰርዩ ተማሳሪቱ። ዩኤፋ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ዖማርን ልዑል ብቕዓቱን ዘለዎ ክብረት ንምርኣዩ እዚ ዝግባእ ዓቢ ዕድል ከፊቱሉ ኣሎ" ኢሉ።

ዖማር ኣርታን፡ ዝበለጸ ናይ ኣፍሪቃ ዳኛ ናይ ዓመት 2025 ተባሂሉ ንሽልማት ዝጠቖዐ'ዩ። ዋንጫ ዓለም 2026 ንኽዳንይ ብፊፋ ድሕሪ ምርቃሑ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ናብ ሃገሩ ንኸይኣቱ ብምኽልካሉ፡ ካብ መጻርፎ ኣዋርቲ ሚያሚ ምምላሱ ይዝከር።

## ዜና ብሓጺሩ

• **ዎልቨስ ንኣሰልጣኒኡ ኣብሪሩቶ**

ዎልቨስ፡ ንሸውዓተ ወርሒ ኣሰልጣኒኡ ኮይኑ ንዝሰርሐ ሮብ ኤድዋርድስ ከም ዘብረሮ ገሊጹ። ዎልቨስ፡ ካብ ፕሪመር ሊግ ድሕሪ ምስንባታ፡ ኣብ ጉድኒ እዚ ወዲ 43 ዓመት ኣሰልጣኒ ከም ዘላ'ያ ክትገልጽ ጸኒሓ። ሓለፍታ ብዘበጽሕዎ ውሳኔ መሰረት ግን ሓሙስ ንግሆ ካብ ስራሕ ኣብሪራቶ። ተሓጋገዝቱ ዝነበሩ ሃሪ ዋትሊንግን ፓውል ትሮልፕን እውን ምስኡ ተሰጒጎም ኣለዉ።

• **ማንቸስተር ሲቲ ካልኣይ ሕቶኣ ተጺጉ**

ማንቸስተር ሲቲ ንኤልዮት ኣንደርሶንን ብ120 ሚልዮን ፓውንድ ንምፍራም ንኻልኣይ ግዜ ዘቕረበቶ ጠለብ ብኖቲንግሃም ፎረስት ተጺጉ።

ሲቲ ነዚ ወዲ 23 ዓመት እንግሊዛዊ ኣከፋፋሊ ንምፍራም፡ ተወሳኺ ዘለዎ 106 ሚልዮን ፓውንድ ማጠቓሊ ሕቶ ኣቕሪባ ነይራ። ኣብ 2023 ኣርሰናል ንራይስ 105 ሚልዮን ፓውንድ ንዌስት ሃም ዝኸፈለቶ፡ እቲ ዝለዓለ ንእንግሊዛዊ ተጻዋታይ ዝተኸፍለ ኩይኑ'ዩ ጸኒሑ።

ኣንደርሶን፡ ብማንቸስተር ዩናይትድ ይድለ እኳ እንተነበረ፡ እዚ ፍርያት ኣካዳሚ ኒውካስል ዝኾነ ተጻዋታይ ናብ ሲቲ ክቕንዕ ብምምራጹ ግን፡ ካብቲ ንንምጽኡ ዝኣተወቶ ውድድር ተኣልዩ'ያ። ምስ ምውጻእ ሰልቫ ኣከፋፋሊ ትደሊ ዘላ ሲቲ፡ ንናይ ኒውካስል ሳንድሮ ቶናሊ ካብ ነዊሕ ከተቋምቶ ብምጽንሓ፡ ንሳልሳይ ግዜኣ ናብ ኖቲንግሃም ክተቕንዕ ድያ ዋላ ናብ ኒውካስል ክትከይድ'ያ ዝተፈልጠ የለን።

## ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ ናይ ኣሰልጣንቲ ስልጠና ሂቡ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ ን20 ኣሰልጠንቲ ጉያ እግሪ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ (level 2) ምዕሉም ስልጠና ሂቡ።

ኣብዚ ምስ ሃገራዊ ምምዕባል ስፖርት (DNS) ብምትሕብባር ንሓሙሽተ መዓልቲ ዝተውሃበ ስልጠና፡ ካብ ኩሉን ዞባታት፡ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ሚኒስትሪ ትምህርቲን ዝተዋጽኡ፡ ክልተ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 20 ዓለምቲ ጉያ እግሪ ተሳቲፎም።

ኣብዚ ስልጠና ዝተሳተፉ ኣሰልጠንቲ፡ ናይ ቀዳማይ ደረጃ (level 1) ዝጸንሖም ኩይኖም፡ ብኽልሰ ሓሳብ ስልጠንኦም ተኸታቲሎም። እዞም ሰልጠንቲ ኣብ ወርሒ ማስከረም፡ ግብራዊ ስልጠና ክወስዱ ምዃኖም ተፈሊጡ።



ቀድሚ ሕጂ ናይ ካልኣይ ደረጃ (ለቨል 2) ስልጠና፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝወሃብ ዝነበረ ኩይኑ፡ ሎሚ ዓመት'ዩ ንፈለማ ግዜ ኣብ ኤርትራ ተዋሂቡ። ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሎኣኸልና ሓብሬታ፡ እዚ ስልጠና ን3 ዓመት ክካየድ ተመዲቡ ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ 60 ናይ 'ለቨል 2' ደረጃ ዘለዎም ኣሰልጠንቲ ንምፍራይ ዓሊሙ ይሰርሕ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ኣብ ኤርትራ፡ ኣስታት 60 ናይ ለቨል 1፡ ክልተ ናይ ለቨል 2፡ ሓደ ናይ ለቨል 3 ደረጃ ዘለዎም ኣሰልጠንቲ ዓውዲ ኣትለቲክስ እዮም ጸኒሖም።

## ጀርመናውያን ተጻወትቲ፡ ን600 ደገፍቲ ናይ መጎዓዝያ ክፍሊት ክሸፍኑ'ዮም



ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ዝሳተፉ ዘለዉ ተጻወትቲ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን፡ ብኣውቶብስ ጉዕዞኦም ናይ ዝገብሩ 600 ደገፍቲ ወጻኢታት ጉዕዞ ክሸፍኑ ምዃኖም ገሊጾም። እዞም ተጻወትቲ፡ ነቲ ኣዝዩ ክቢሩ ዘሎ ናይ መጎዓዝያ ወጻኢታት ኣብ ግምት ብምእታው እዮም፡ ኑቶም ኣብ ናይ መወዳእታ ናይ ምድብ ጸወታ ዝሳተፉ ደገፍቲ ወጻኢታቶም ክኸፍሉሎም ዝወሰኑ።

ኣብ ምድብ 'ኢ' ተደላዲላ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን፡ ምስ ኤኳዶር ተሰሪዑላ ዘሎ ናይ መወዳእታ ናይ ምድብ ጸወታ፡ 25 ሰነ ኣብ ኒው ጀርሲ እያ ክትካየድ።

ኣብ ንቡር ግዜ ካብ ማእከል ከተማ ኒው የርክ ናብቲ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ምስ ኤኳዶር ጸወታኣ እተካይደሉ ስታድዮም ንምጉዓዝ ብባቡር 12.90 ዶላር ይበጽሕ ነይሩ። ይኹን እምበር ዋጋ ትኬት ናብ 98 ዶላር ቀድሚ ምድያቡ፡ 150 ዶላር በጺሑ ነይሩ። ብተመሳሳሊ ብኣውቶብስ ዝግበር ጉዕዞ 20 ዶላር በጺሑ ደርኪቡ። ኣመሓዳሪ ኒው ጀርሲ ብዛዕባ እዚ ናህሪ ዋጋ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ፊፋ ናይ መጎዓዝያ ወጻኢታት ክድጎም ፍቓደኛ ብዘይምዃኑ ዋጋ ከም ዝዘረ ሓቢሩ።

ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ጀርመን ብወገኑ፡ "ኣብ ግዜ ዋንጫ ዓለም ዋጋ መጎዓዝያ ኣውቶብስን ባቡርን ከተማ ኒው የርክ ስለ ዝዘረ፡ ተጻወትቲ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ኣብ ናይ መወዳእታ ናይ ምድብ ጸወታ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ዝሳተፉ 600 ደገፍቲ፡ ናጻ መጎዓዝያ ወዲቦም ኣለዉ" ክብል ገሊጹ። እቲ ፈደረሽን ናይዞም ደገፍቲ ወጻኢታት ሓሊቓ ጋንታ ኪሚቺን ብጾቱን ከም ዝሸፍንዎ ሓቢሩ።

ኣብ ሩስያን ቀጠርን ኣብ ዝነበረ ዋንጫ ዓለም፡ ደገፍቲ ናብ ጸወታን ናይ ደገፍቲ ዞባን ክበጽሑ ናጻ ናይ መጓዓዝያ ኣገልግሎት ይወሃቦም ነይሩ'ዩ። ኣመሪካ'ውን ኣብ 2018 ከምዚ ዓይነት ሓለፋ ክትገብር ተሰማሚዓ ነይራ። ይኹን እምበር ኣብ 2023 ሓሳባ ብምቕያር ደገፍቲ ናይ ጉዕዞኦም ወጻኢታት ክሸፍኑ ኣዚዛ ትርኪባ።

## ሞሮኮ፡ ክልተ ተጻወትቲ ከሲራ

ኣብ 2022 ኣብ ቀጠር ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ዋንጫ ዓለም ራብዓይ ደረጃ ሒዛ ዝዛዘመት ሃገራዊት ጋንታ ሞሮኮ፡ ዋንጫ ዓለም 2026 ቅድሚ ምጅማሩ ክልተ ካብ ወሰንቲ ተጻወትታ ብመጉዳእቲ ከሲራ፤ ዓብዲ ኢዛልዙሊ (ኢዛ ዓብዲ) ን ናይፍ ኣጉወርድን። እዞም ተጻወትቲ ካብ ቀዳሞት 26 ተጻወትቲ ተኣልዮም ብኻልኦት ክትካኡ ወሲና ትርኪቡ።

'ኣናብስ ኣትላስ'፡ እዞም ወሰንቲ ተጻወትታ ካብቲ ዘጋጠሞም መጉዳእቲ ክምለሱዋ ትጸበት የሕዳራ'ያ ጸኒሓ። ይኹን እምበር ናይ መኽፈቲ ጸወታ ቅድሚ ምኪያዳ ዘለዋ ናይ 24 ሰዓት ናይ ምትካእ ዕድል ንምጥቃም፡ ብማርዋን ሳዓን ኣሚን ሳቢን ተኪኦቶም።



ናይፍ ኣጉወርድ፡ ጸላዊ ናይ ማእከል ተኸላኻላይ'ዩ። ንሃገሩ ወኪሉ ድማ፡ ክሳዕ ጸወታ ፍርቂ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም 2022 በጺሑ'ዩ። ናይፍ፡ ካብ ኣርባዕተ መጋቢት ኣትሒዙ ንጋንታኡ ማርሰይ ክወክላ ኣይተርኣየን። ናይፍ፡ ዋላኳ ኣብ ቅድመ ምድላዋት ሃገራዊት ጋንታ ሞሮኮ ኣይጻወት፡ ምስኦም ኣብ ዋንጫ ዓለም ዝሳተፉ ተጻወትቲ ግን ተኻቲቱ'ዩ ጸኒሑ። ኩነታቱ ኣብ ግምት ብምእታው ከኣ ወዲ 34 ዓመት ማርዋን ሳዓ ክትክኦ ወሲና።

ነቲ ኣብ ዋንጫ ዓለም ኮኾብ ተጻዋታይ ክኸውን ተገሚቱ ዝጸንሐ፡ ኢዛ እውን ከሲራቶ ኣላ። እዚ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ርያል በቲስ ብሰንኪ'ቲ ሃገራዊት ጋንታ ሞሮኮ ምስ ኖርወይ 1-ብ1 ኣብ ዝዛዘመቶ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ኣብ መንኩቡ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ'ዩ ዝሰናኸል ዘሎ። ኣሚን ሳቢን ድማ፡ ንኢዛ ተኪኡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ክሳተፍ'ዩ። ብዘይካዞም ክልተ ተጻወትቲ፡ ኣካላዊ ብቕዓት ሳልሕኡ ዲኒ፡ ታልቢን ማዝራውን ኣሰካፊ ከም ዘሎ ይግለጽ። ቀዳማይ ናይ ምድብ ጸወታ ሞሮኮ 13 ሰነ ምስ ብራዚል ኣለዋ።

ሃገራዊት ጋንታ ሞሮኮ፡ ኣብ 2022 ራብዓይ ደረጃ ብምሓዛ፡ ቀዳመይቲ ነዚ ደረጃ ዝሓዘት ኣፍሪቃዊት ጋንታ ብምዃን ታሪኽ ሰሪሓ'ያ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ
ዋንጫ ዓለም
ደቡብ ኮርያ- ቸክ 5:00 ቅ.ቐ
ካናዳ - ቦዝንያ ሄርዞጎቪንያ 10:00 ድ.ቐ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ ንመጻብቦ ሆርሙዝ ከም ዝዓጸወቶ ኣፍሊጣ

ኢራን፡ ብሰንኪ ትማሊ ሓሙስ ኣብ መንጎ ሰራዊታን ሓይልታት ኣመሪካን ዘተኸሰተ ግጭት፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ንኹለን ንግዳውያንን ናይ ነዳዲን መራኽብ ከም እተዓጽወ ኣፍሊጣ።

ተቐጺረን ዒላማ መጥቃዕቲ ከም ዝኾና ኣጠንቂቓ ኣላ።

ሰራዊት ኢራን፡ ክሳብ ሕጂ፡ ብዘይ ፍቓድ ክሓልፋ ዝፈተና ክልተ ንግዳውያን መራኽብ ከም እተወቕዓ



ብመሰረት ጸብጻባት፡ ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ኣብ ጥቓ እቲ መጻብቦ ዝርከብ መራኽብ ውግእ ኣመሪካ ዒላማ መጥቃዕቲ ክገብረን እንከሎ፡ ሓይልታት ኣመሪካ ከኣ ኣብ ክፍለ ሃገር ሆርሞዝጋን ከምኡ'ውን ኣብ ደሴታት ቀሽምን ሆንጋምን መጥቃዕቲ ኣካይዶም።

ኢራን ኣብ ዘውጽኣቶ መግለጺ፡ ኽዚ ኣዋጅ ጥሒሰን በቲ ስትራተጂያዊ ማያዊ መስመር ክሓልፋ ዝፈተና መራኽብ፡ ከም "ተሓባበርቲ ጸላኢ" ሓቢሩ'ሎ።

ይኹን'ምበር፡ ማእከላይ እዚ ኣመሪካ፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ከም ዘይተዓጽወን ንግዳውያን መራኽብ ከኣ በቲ መስመር ይሓልፋ ከም ዘለዋን እዩ ዝሕብር ዘሎ።

እዚ ምዕባለታት እዚ ዝኸሰተ ዘሎ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ሓይልታት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለየ ዒላማታት ኢራን ናይ "ነፍሱምክልኻል" ኩነት ዝገለጹዎ ተወሳኺ መጥቃዕቲ ከም ዘካየዱ ኣብ ዝቃልሓሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ኢራን ከም መልሱግብሪ ናይቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝተኻየደ መጥቃዕትታት፡ ኣብ ባሕሬን፡ ኩዌትን ዮርዳኖስን ኣብ ልዕሊ ዝርከብ ወተሃደራዊ መደበራት ኣመሪካ ናይ ሚሳይላትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን መጥቃዕቲታት ምኻያዳ ተፈሊጡ ኣሎ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኢራን ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ ነዊሕ ግዜ ከም ዘወሰደት፡ ኽዚ ድማ ከቢድ ዋጋ ከም እትኸፍለሉ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ምጥንቃቑ ዝዘከር እዩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጀሚሩ፡ ንልዕሊ 200 ንግዳውያን መራኽብ ብመጻብቦ ሆርሙዝ ብሕቡእ ክሓልፋ ከም ዝሓገዘ'ውን ገሊጹ ኣሎ።

ግጭት ማእከላይ ምብራቕ ከም እንደገና ኪዕበረ ተሰጊኡ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ዋጋ ነዳዲ ካብ'ቲ ዝቐደሞ ብ13.39 ሚእታዊት ብምውሳኽ፡ ንበርሚል 95 ዶላር ከም ዝበጽሐ፡ እዚ ድማ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ንዘጸንሐ ጸቕጢ መሊሱ ኣጋዲዱዎ ከም ዘሎ እየም ምንጪታት ዝሕብሩ።

## ካናዳ፡ ንትሕቲ ዕድመ ካብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝእግድ ሕጊ ኣውጺኣ

ካናዳ፡ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከይጥቀሙ ዝእግድ ሕጊ ከም ዘውጽኣት ተሓቢሩ።

እቲ ሓዲሽ ሕጊ፡ ኮተን ንኣእምሮኣዊ ድሕነት ቈልዑ ኣብ ግምት ኣእትዩን ዝሰርሓ ማሕበራዊ መራኸቢታት ግን ዝምልከት ከም ዘይኮነ እዩ ተነጺሩ ዘሎ።

እቲ ሕጊ፡ ንቘልዑ ካብ'ቲ ብሰንኪ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዘጋጥም ናይ ኣእምሮ ሕማማት፡ ወልፊን ምትላልን ንምክልኻል ዝዓለመ ምዃኑ እዩ ዝገለጸ።

ብመሰረት እቲ ሓድሽ ሕጊ፡ ዕድመኦም ትሕቲ 16 ዓመት ዝኾኑ ቈልዑ፡ ከም ፈይስቡክ፡ ኢንስታግራም፡ ቲክ-ቶክ፡ ስናፕ-ቻትን ዩቱብን ዝኣመሰላ ማሕበራዊ መራኸቢታት ክጥቀሙን ሓድሽ ሕሳባት ክኸፍቱን ኣይክፍቀደሎምን እዩ።

ነቲ ሕጊ ዝጠሓሳ ኩባንያታት ቴክኖሎጂ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡




ካብ ዓመታዊ እቶተን ክሳብ 3 ሚእታዊት ዝበጽሕ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ከም ዝበየነለን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣቐዲማ፡ ኣውስትራልያ ተጠቃምነት ማሕበራዊ መራኸቢታት ንትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ ምኽልካላ ዝዘከር ኮይኑ፡ ብመሰረት እታ ሃገር ዘውጻኣቶ ሕጊ ከኣ፡ ትካላት ማሕበራዊ መራኸቢታት ድሕሪ ሓደ ወርሒ፡ ሕሳባት ናይ ከባቢ 5 ሚልዮን ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ተጠቀምቲ ምድስካለን ይገልጽ።

ብሪጣንያ፡ ስጳኛን ፈረንሳን ዝርከባኦን ካልኦት ሓያሎ ሃገራት ድማ፡ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ንምውሳድ ዘኽእል መሰርሕ ኣበጊሰን ምህላወን ይሕበር።

ፖላንድ እውን፡ ትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከይጥቀሙ ክትክልክል ምዃና ኩተፍልጥ እንከላ፡ ግሪኽ ከኣ ኣብ ዝመጽእ ጥሪ ተመሳሳሊ ሕጊ ኩተጽድቕ ምዃና ሓቢራ ኣላ።

## ሚኒስተር ምክልኻል ብሪጣንያ ስልጣኑ ሓዲጉ

ሚኒስተር ምክልኻል ብሪጣንያ ጆን ሄይሊ፡ ብሰንኪ ኣብ ወጻኢታት ምክልኻል ናይታ ሃገር ዝተፈጥረ ምስሕሓብ፡ ትማሊ ሓሙስ ስልጣኑ ብፍቓዱ ከም ዝሓደገ ተሓቢሩ።

ሚኒስተር ጆን ሄይሊ፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኬር ስታመር ብዛዕባ ወጻኢታት ምክልኻል ክሰማማዕ ብዘይምኽኣሉ፡ ካብ ስልጣኑ ክወርድ ከም ዝወሰነ ኣረዲኡ።

ንሱ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኬር ስታመር፡ ኣብዚ ጸጥታ ኤውሮጳ ብስግኣታት ዝሕመሰሉ ዘሎ እዋን፡



ብመሰረት ጠለብ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ንምክልኻል ናይታ ሃገር ዝውዕል መጠን ባጀት ናብ 3 ሚእታዊት ካብ ጃምላዊ ሃገራዊ እቶት ኩብ ኩበሎ ፍቓደኛ ከም ዘይኮነ ከሲሱ።

እቲ ሚኒስተር፡ ሚኒስተራት ምክልኻልን ፋይናንስን ብሪጣንያ፡ መጠን ወጻኢታት ምክልኻል ንምዕባይ ኣብ ዝብል ዛዕባ ንኣዋርሕ ክዘተዩ ድሕሪ ምጽናሕ እዩ ኽዚ ስጉምቲ ዝወሰድ ዘሎ።

## ዩጋንዳ፡ ኢቦላ ንምክልኻል ዘኽእላ ተወሰኽቲ ቕጥዕታት ኣተኣታትያ

ሚኒስትሪ ጥዕና ዩጋንዳ፡ ኣብታ ሃገር ንዝዘረአ ዘሎ ለበዳ ኢቦላ ንምክልኻል፡ ተወሰኽቲ ቕጥዕታት ከም ዘተኣታተወ ተሓቢሩ።

ሚኒስተር ጥዕና ክሪስ ባርዮሙንሲ፡ ሕማም ኢቦላ ንምክልኻል ዝሕግዙ




መምርሒታት ናብ ኩለን እተን ምስ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ዘዳውባ ዞባታት ዩጋንዳ ተዘርጊሖም ምህላዎም ገሊጹ።

ሚኒስተር ባርዮሙንሲ ወሲኹ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ሰባት ብብዝሒ ከይእከቡ ተኸልኪሎም ከም ዘለዉ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ነቲ ብሚኒስትሪ ጥዕና ዝወጽአ መምርሒታት ብጥብቂ ክኽተላ ተሓቢሩወን ከም ዘሎ ኣነጺሩ።

ብመሰረት ሚኒስትሪ ጥዕና ዩጋንዳ፡ ክሳብ ሕጂ 19 ሰባት በቲ ለብዒ ክልከፉ እንከለዉ፡ ካብኣቶም ከኣ ክልተ ሰባት ሞይቶም ኣለዉ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ መዓልታት ዝኾነ ሰብ በቲ ቫይረስ ከም ዘይተለኽፈ እዩም መዛግብቲ ናይቲ ሚኒስትሪ ዘመልክቱ።

ቀዋሚት ጸሓፊት ሚኒስትሪ ጥዕና ዩጋንዳ ዲያና ኣትዊን ብወገና፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ቫይረስ ኢቦላ ካብ ኣብ ደም ኣብ መትረብ መግቢ ዝያዳ ከም ዝጸንሕ ስለ ዝተነጸረ፡ ዜጋታት ዘበልዑሉን ዝሰትዩሉን ኣቑሑ ንኻልኦት ካብ ምክፋል ክቑጠቡ ተማሕጺና።

## ፓኪስታን - ሄሊኮፕተር ብምሕምሻሽ 22 ወተሃደራት ሞይቶም

ሓንቲ ወተሃደራዊት ሄሊኮፕተር ፓኪስታን፡ ኣብቲ ክፋል ናይታ ሃገር ዝኾነ ዞባ ካሽሚር ወዲቓ



ብምሕምሻሻ፡ ብምሉኦም ተሳፈርታ ከም ዝሞቱ፡ ሓይልታት ጸጥታ ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

ሓይልታት ጸጥታ ፓኪስታን፡ በቲ ሓደጋ 19 ወተሃደራት፡ ሓደ ሜጀርን ክልተ ኮሎኔላትን ከም ዝሞቱ ኣነጺሮም።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ፓኪስታን፡ እታ 'Mi-17' ዝዓይነታ ሄሊኮፕተር፡ ክትብገስ እንከላ ብሰንኪ ዘጋጠማ ቴክኒካዊ ጸገማት ንሓደጋ ከም ዝተቓልዐት'ዩ ዝገልጽ ዘሎ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ብልክዕ ንምፍላጥ ተወሳኺ መርመራ ክካየድ ምዃኑ'ውን ሓቢሩ'ሎ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኖቫ | 12/06/2026 | ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 214 ከባቢ ፖስጣ ዕዳጋ ዓርቢ | 07120574 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services